ኢፕድ
# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቁፅሪ 32 13 ሰነ 2016 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00



## ልዕሊ 400 ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብ ትግራይ ክልል ኣትዩ ንሓረስቶት ተኸፋፊሉ

• 1 ነጥቢ 3 ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዝራእቲ ንምሽፋን ይስራሕ ኣሎ ገፅ 6

## በቲ ኹናት ዝተጎድአ ሃፍቲ ንህቢ ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስ ፃዕሪ ይግበር ኣሎ

ኣብረሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- በቲ ኹናት ዝተጎድአ ሃፍቲ ንህቢ ትግራይ ንምሕዋይን ናብ ንቡር ንምምላስን ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን መራሒ ጉጅለ ምርባሕ ንህቢ፣ ሓሰኻ ሃርን ዓሳን ኣይተ ጎሹ ወልደኣበዝጊ ገሊፆም።

ኣይተ ጎሹ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ሃፍቲ ንህቢ እቲ ክልል በቲ ኹናት ዝተጎድአ እንተኾነ 'ውን ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዕቁር ተሞክሮን ዕድልን ስለ ዘሎ፤ እቲ ሓረስታይ ብዝተረፎ ውስን ሃፍትን ብናይ መንግስትን ካልኦት ወሃብቲ ድጋፍን ብውሱን ምንቕስቓስ እናተገብረ 'ዩ ዘሎ።

ትግራይ ንምርባሕ ንህቢ ካብ ስነ ምሕዳሩ ጀሚሩ ክሳብ ቀለብ ንህቢ እትምችዉ ፍሉይ ፀጋታት ዝተዓደለት ከምዝኾነት ዝገለፁ ኣይተ ጎሹ፤ በቲ ኹናት ዝተጎድአ ሃፍቲ ንህቢ ናብ ንቡር ንምምላስ ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ

በቲ ኹናት ... ገፅ 6



## ሃገራዊ ምኽክር ኣብ መንጎ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘሎ ዘይምርድዳእ ብምውጋድ ሓድነትን ርክብን ዘሐይል 'ዩ

ገፅ 6

## ናብ ኣክሱም ዝኸዱ ቁፅሪ በፃሕቲ ዓዲ እናወሰኸ ምኧኑ ተገሊፁ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ድሕሪ ዳግም ምጅማር ኣገልግሎት መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮውሃንስ 4ይ ኣክሱም፣ ናብታ ከተማ ዝኸዱ ቁፅሪ ሃወፅቲ ውሽጢ ዓዲን ወፃኢን እናወሰኸ ምኧኑ ቤት ፅሕፈት ባህልን ቱሪዝምን ከተማ ኣኽሱም ገሊፁ።

ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ገረመድህን ፍፁምብርሃን ብቕድሚ ትማሊ ካብ ደቡብ ኮርያ ናብ ኣክሱም ዝኸዱ ሃወፅቲ ኣመልኪቶም ከምዝገለፅዎ ኣብ ትግራይ ተነፃፃሪ ሰላምን ምርግጋእን ኣሎ ኢሎም እቶም ሃወፅቲ ከም ዝኸዱ ሓቢሮም፡፡

ይኹንምበር ኣብ ኣኽሱም ዘሎ ፀጋታት፣ ቅርስታት፣ ሃይማኖታዊ ትውፊታት፣ ኣኽሱማውያን ዝነበሮም ስልጣነ ንዓለም ዘበርከትዎ ኣስተዋፅኦን ምህዞታትን ስራሕቲ ውፅኢት ኢደ ጥበባትን ካልኦትን ኣብ ሓፂር ጊዜ ተዘዋዊርካ ምህዋፅ ኣይከኣልን።

ብምኧኑ ሃወፅቲ ኣብ ከተማ ኣክሱም ዝፀንሑሉ ምችዊ ኩነታት ብምፍጣር ካብኣቶም ዝርከብ እቶት ናብ ረብሓ ምልዋጥን ምስሊ ክልልና ብእወንታ ምህናፅን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ትኹረት ገይርካ ምስራሕ ከምዘድሊ እቶም ሓላፊ ገሊፆም።

ስለዝኾነ ማሕበረሰብ ዓለም ፀጋታት ከተማ ኣኽሱም ተዓዚቡ ይኹን ተዛዋዊሩ ንምርዳእ ደጋጊሙ ናብዛ

ናብ ኣክሱም... ገፅ 6



**‹‹ ኢትዮጵያ ጥንኩር መሰረት ዘወነነ ማክሮ ኢኮኖሚ ምህናፅ ክኢላ'ያ››**

- ግልግሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ

ገፅ 4



**‹‹ኣብ ትግራይ ስሩዕን ዘይስሩዕን ዝናብ ስለዝህልው ኣብ ታሕተዎት መፋስስ ጥንቃቀ ክግበር ይግባእ››**

-ኣይተ ሚኪኤል ሙሩፅ

ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**



## ‹‹ምንቅስቓስ ፅሩይ ኢትዮጵያ ጥዑይ ሕብረተሰብ ንምህናፅ ዝግበር ፃዕሪ ዓብዪ ሓገዝ ዝገብር 'ዩ››

**- መቕደስ ዳባ (ዶ/ር)**

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ‹‹ጎስጓስ ፅሩይ ኢትዮጵያ›› ጥዑይ ሕብረተሰብ ንምህናፅ ዝግበር ፃዕሪ ዝሕግዝን ዘቀላጥፍን ምዃኑ ሚኒስትር ጥዕና መቅደስ ዳባ (ዶ/ር) ገሊፀን።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ቀረባ እዋን ምንቅስቓስ ፅሩይ ኢትዮጵያ ብዕሊ ምጅማሮም ዝዝከር 'ዩ።

ምንቅስቓስ ፅሩይ ኢትዮጵያ ክውን ንምግባርን ምቹኣት ከተማታት ንምፍጣርን ዝግበር ፃዕሪ ኩሉ ክሕግዝ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ፃውዒት ምቅራቦም ይዝከር።

ናይ ሕብረተሰብ ባህሊ ምፅርራይ ክብሪ ዝሓለወ ንምግባር ዝግበር ተበግሶ ብዘመናዊ መንገዲ ሽቓቕ ምህናፅ ምዃኑ 'ውን ይፍለጥ።

ተበግሶ ፅሪቲ ኢትዮጵያ "ፅሩይ መንገዲ-ጥዑይ ናብራ" ብዝብል ጭርሖ ተግባራዊ ከምዝኸውን ምግላፁ 'ውን ይፍለጥ።

ሚኒስትር ጥዕና ዶክተር መቕደስ ዳባ፤ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ወግዓዊ ምጅማር ምንቅስቓስ ፅሪቲ ኢትዮጵያ ስዒቡ ኣብ ትካላት ጥዕና ፅሩይ ሃዋህው ንምፍጣር ዝግበር ምንቅስቓስ ከምዝተጀመረ ገሊፀን።

ፅሩይ ሃዋህው ምፍጣር ናይ ዜጋታት ናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕሚ ክዓቢ ከምዝገብርን ተላባዒ ሕማማት ኣብ ምንካይ ዓቢዩ ኣበርክቶ ከምዘለዎ እተን ሚኒስትር ገሊፀን፡፡

ከም ገለፃ እተን ሚኒስትር፤ እቲ ጎስጓስ ስዒቡ ትካላት ጥዕና ምችዋት ናይ ምግባር ስራሕቲ ከምዝተጀመሩ ገሊፀን፡፡

ንኣብነት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሰለስተ ትካላት ጥዕና ተመሪፀን ኣብ ዝመፅእ እዋናት ንኻልኦት ትካላት ጥዕና ብኹሉ መዳይ ኣብነት ክኾና ኣብ ዝኽእላሉ ደረጃ ንምብፃሕ ስራሕ ጀሚረን ምህላወን ተዛሪበን።

ኩለን ክልላት ‹‹ናይ ፅሬት ትካላት ጥዕና›› ምንቅስቓስ ንምትግባር ጀሚረን ምህላወን ገሊፀን።

ብቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ዝተገብረ ምንቅስቓስ ፅርይቲ ኢትዮጵያ ብዙሓት ትካላትን ውልቀሰባትን ከምዝተፀንበሩ ይፍለጥ።

# ኣብ ሕርሻ ቀውዒ 14 ሚሊየን ሄክታር መሬት ተሓሪሱ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ 2016/17 ዘመነ ቐውዒ ምህርቲ ክሳብ ወርሒ ሰነ ናይ መጀመርያ ሰሙን 14 ሚልየን ሄክታር መሬት ከምዝተሓረሰ ሚኒስቴር ግብርና ኣፍሊጡ፡፡ ልዕሊ 12 ሚልየን ሄክታር መሬት ብኩታ ገጠም ከምዝለምዐ ተፈሊጡ፡፡

ኣብ ግብርና ሚኒስትር መራሒ ልምዓት ኣዝርእቲ ስራሕ ፈፃሚ ኣይተ ኢሳያስ ለማ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ክሳብ ኸዚ ባህላውን ዘመናውን ቴክኖሎጂታት ብምጥቃም 14 ሚልየን ሄክታር መሬት ተሓሪሱ 'ዩ፡፡ ካብ ዝተሓረሰ መሬት ውሽጢ 3 ነጥቢ 5ሚልየን ሄክታር ዝፅጋዕ መሬት ብዘርኢ ተሸፊኑ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኢሳያስ ፤ ብዘርኢ ዝተሸፈነ መሬት ድማ ኽልተ ሚልየንን 69 ሽሕን 153 ሄክታር ብኩታ ገጠም ሕርሻ ከምዝለምዕ ኣረዲኦም፡፡

ብሓፈሻ ኣብ 2016/17 ቀውዒ ምህርቲ ዘመን ልዕሊ 12ሚልየን 125 ሽሕ ሄክታር መሬት ብኩታ ገጠም ሕርሻ ከምዝለምዕ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ ናይ ሎሚ ቀውዒ ምህርቲ ብኩታ ገጠምን ብስሩዕ ዝሸፍን ካብ 20 ሚልየን 403ሽሕ 245 ሄክታር መሬት ውሽጢ ልዕሊ 12 ሚልየን ሄክታር መሬት ብክላስተር ብምሕራስ ልዕሊ 615 ሚልየን 921 ሽሕ ኩንታል ምህርቲ ትፅቢት ከምዝግበር ገሊፆም፡፡

ሕርሻ ሓጋይ ምንቅስቃስ ስራሕ ብዝምልከት ኣብ 2016/17 ምህርቲ ዘመን ኣብ ሓጋይ ኣብቀልቲ ዝኾኑ ክልላት ኣምሓራ፣ ኦሮምያ፣ትግራይ፣ ሲዳማ፣ ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ማእኸላዊ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ምዕራብን ሱማሌ ልዕሊ 3ሚልየን 123ሽሕ 797 ሄክታር መሬት ብምልማዕ 81ሽሕ 852 ሽሕ ኩንታል ምህርቲ ንምርካብ ከምዝተተለመ ኣመልኪቶም፡፡

ኣይተ ኢሳያስ ከምዘብርህዎ፤ ክሳብ ኸዚ ብሓጋይ 3 ሚልየን 559ሽሕ 152 ሄክታር መሬት ታሓሪሱ 3ሚልየን 518 ሽሕ 431 ሄክታር መሬት ብዘርኢ ከምዝተሸፈነ ኣረዲኦም፡፡ ብዘርኢ ዝተሸፈነ መሬት ውሽጢ ብ9 እኽሊ 1ሚልየን 96ሽሕ 312 ሄክታር መሬት ብኩታ ገጠም ዝተሸፈነ እንትኾን፤ ክልል ትግራይ 14ሽሕ 827 ሄክታር መሬት ተሰብሲቡ 143 ሽሕ 461 ኩንታል ምህርቲ ከምዝተረኸበ ተዛሪቦም፡፡

# ኣብ ትግራይ ብልዕሊ 45 ሚልየን ዶላር ዝትግበር ፕሮጀክት ንምጅማር ዘኽእል ምድላው ተወጊኑ

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ባንኪ ዓለም ብዝመደቦ ልዕሊ 45 ሚልየን ዶላር ኣብ ፈላማይ ርብዒ ዓመት 2017 ዓ/ም ኣብ 14 ወረዳታት ክልል ትግራይ ዝትግበር ፕሮጀክት ንምጅማር ዘኽእል ምድላው ከምዝተወገነ ቤት ፅሕፈት ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ግዚያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኣፍሊጡ።

ብሰንኪ ዝነበረ ኩናት ዝዓነወ መሰረተ ልምዓታት መሊስካ ንምህናፅ ዓሊሙ ቅድሚ ትሽዓተ ወርሒ ዝተጣይሸ እቲ ቤት ፅሕፈት፣ ኣብቲ ክልል ዝበፅሐ ዕንወት ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ብምክያድ ሃፍቲ ናይ ምትእልላሽ ስራሕቲ የካይድ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝመደቦ 4 ሚልየን ዶላር ኣብ ዞባታት ምብራቕ፣ ማእኸላይን ሰሜን ምዕራብን ኣብያተ ትምህርትን ትካላት ማይን ተፀጊነን ናብ ስራሕ ከም ዝኣተዋ 'ውን ተገሊፁ።

ኣተሓባባሪ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ቴድሮስ ገ/እግዚብሄር፣ ስራሕ ንዘይብሎም መናእሰይን ደቂ ኣንስቲዮን ብምውዳብን ብምስልጣንን ንነብሲ ወከፎም ካብ 30 ክሳብ 40 ሽሕ ብር መበገሲ ካፒታል ብምሃብ ናብ ስራሕ ክዋፈሩ ከምዝተገበረ እቶም ኣተሓባባሪ ሓቢሮም።

ብዘይካዚ ስረሐን ኣቋሪፀን ዝነበራ 44 ፕሮጀክትታት ልምዓት 'ውን ተፀጊነን ስርሐን ክጅምራ ከምዝተገበረ ኣብሪሆም።

ክሳብ ሕዚ 2 ነጥቢ 6 ቢልየን ብር ዝተኣካኸበ ገንዘብ ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ትግራይ ክውዕል እናተሰርሐሉ ከምዝርከብ ገሊፆም ክብል ኤፍ ቢ ሲ ፀብፂቡ።

# ብኹናት ሰሜን ጉድኣት ንዝበፅሖም ኢንተርፕራይዛት መሕወዪ ፕሮጀክት ተጀሚሩ

**በሪሁ ኣረጋ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ካብ ሕብረት ኣውሮፓ፣ መንግስትታት ጀርመንን ኔዘርላንድስን ብዝተረኸበ ድጋፍ ብኹናት ሰሜን ቐጥታዊ ጉድኣት ዝበፅሖም ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ዓፋርን ኣምሓራን ብዝርከቡ ደቀቕቲ፣ኣናእሽትን ማእኸለዎትን ኢንተርፕራይዛት ዳግም ኣብ ምጥያሽ ዘድሃበ ፕሮግራም ኣርባዕተ ዓመት ተጀሚሩ።

ብፈንድ ድጋፍ ሰለስቲኦም ኣካላት ዝተጀመረ እቲ ፕሮግራም ምስቲ ሕብረት ብቐርበት ምስ ዝሰርሕ ሓደ ባንኪ ልምዓት፣ ሓደ ዓለም ለኸ ትካል ልምዓት ጀርመንን ብካፒታል ፈንድ ልምዓት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን (ዩኤንሲዲኤፍ) ኣቢሉ ተግባራዊ ዝግበር 'ዩ ተባሂሉ።

ነቲ ፕሮግራም ዘፈፅምዎ ኣካላት ምስ ዝምልከቶም ትካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሓባር ከምዝሰርሑ ዝተገለፀ እንትኸውን፤ ነቲ ስምምዕነት ድጋፍ ብወገን ኢትዮጵያ ሚኒስትር ዴኤታ ኢንዱስትሪ ኣይተ ሃሰን መሓመድ ፈሪሞም።

ብሓፈሻ ንኢኮኖሚን ብውሱን ኩነታት ውሽጢ ድማ ንደቀቕቲ፣ ኣናእሽትን ማእኸለዎትን ኢንተርፕራይዛት ዳግም ናይ ምጥያሽ ስራሕ ብጎንፂ ንዝተጎድኡ ከባቢታት ዘድልዩ ስራሕ ምቑፃርን ኢኮኖሚያዊ ዕድላትን ዳግም ናይ ምስፍሕፋሕ ስራሕ ዓርሱ ዝኸኣለ ዝተፈለየ ኣካይዳ ከመዓራረየሉ ዝግባእ ምዃኑ ዘርእይ ምዃኑ ሕብረት ኣውሮፓ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለፂ ኣፍሊጡ።

ጂኣይዜድ ዝተብሃለ ዕላማታት ልምዓት ንምስኻዕ ዝሰርሕ ዓለም ለኸ ትካል መንግስቲ ጀርመን ድማ እቶም ኢንተርፕራይዛት ብቕልጡፍን ብጥንኩር ኩነታትን ንክሓውዩ ከምኡ 'ውን ንልቓሕ ብቑዓት ናይ ምዃን ዓቕሞም ብምዕባይ ተጠቃምነት ፋይናንሶም ልዕል ንኽብሉ ዝሕግዝ ቐጥታዊ ድጋፍ ቴክኒክ ከምዘቕርበሎም ተገሊፁ።

እቲ ዓለም ለኻዊ ትካል ካብዚ ብተወሳኺ 'ውን ኣብ መንጎ እቶም ኢንተርፕራይዛትን ገንዘብ ዘለቅሑ ትካላትን ፅቡቕ ርክብ ስራሕ ክህልዎም ንዝኽእል እናፈለየ ከምዘራኽብ ሚኒስቴር ኢንዱስትሪ ጋዜጣ ሪፖርትር ብምጥቃስ ፀብፂቡ፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## እታዎታት ሕርሻ ብግቡእ ብምጥቃም ለውጢ ክውን ምግባር

ሕርሻ ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ዋና ዓንዲ ሑቐ ቑጠበአን 'ዩ፡፡ ሕርሻ ውሕስነት መግቢ ካብ ምርግጋፅ ብተወሳኺ ሓፈሻዊ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ኣብ ምቕያር ርኡይ ግደ ኣለዎ፤ ጥምየትን ሕፅረት ምግቢን ብምውጋድ ቁጠባዊ ዕብየት የቃላጥፍ፡፡

ዳርጋ ኩለን ኣብ ደሓና ቑጠባዊ ዓቅሚ ዝርከባ ሃገራት ዓለም ኣብ ሕርሻ ቖላሕታ ብምሃብ ጀሚረን 'የን ዕብየት ኣረጋጊፀን፡፡ ዕቤት ብምቕልጣፍ ጥሜትን ሕፅረት ምግቢን ብምባዳህ ቁጠባዊ ለውጢ ከምዝግባ ክኢለን 'የን፡፡

ሕርሻ ዘመናዊ ምግባር፣ ኣፍራይነት ብምዕባይ ብሰደድ ኣቢሉ ሸርፊ ወፃኢ ብምውሳኽ ኢንዱስትሪያላይዜሽን ኩነታት የቃላጥፍ። ኣፍራያይነት ብምውሳኽ ዋጋ መግቢ ብምንካይን ኣመጋግባ ብምምሕያሽን ሰብኣዊ ዕላማታት ንምዕዋት ይሕግዝ። ፅቡቕ መግቢ ዝረኸበ ህፃን ካብቲ ብሕፅረት መግቢ ዝዓበየ ህፃን ዝሓሸ ምዕባለ ይረክብን፤ ዝያዳ ኣፍራዪ ይኸውንን፡፡ ምግቢ ንወዲሰብ መሰረታዊ ጉዳይ ስለዝኾነ እሞ ድማ መሰረቱ ሕርሻ ስለዝኾነ ሕርሻዊ ለውጢ ክውን ምግባር የድሊ፡፡

ኣብዝሓለፉ ዓመታት ብፍላይ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ደ/ር) ናብ ስልጣን ካብዝመፁ ጀሚሩ ንሕርሻ ዓብዪ ቖላሕታ ተዋሂብዎ እናተተግበረ ይርከብ፡፡ ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ብምግቢ ዓርሳ ካብ ምኽኣል ሓሊፉ ከም ስርናይ ዝበሉ ፍርያታት ሕርሻ ሰደድ ከትገብር ክኢላ 'ያ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኢትዮጵያ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ እታዎታት ሕርሻ ካብ ምቕራብ ጀሚራ ብትኹረት ብምስርሓ 'ዩ፡፡ ሕዚ 'ውን እናሰርሐት ትርከብ፡፡

ከም ክልል ትግራይ ከንርኢ እንተለና ግን ብፍላይ ካብ 2013 ዓ.ም ከሚራ ንኸባቢ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ኩናት ስለዝነበረት ንደሓር ተንቲታ ፀኒሓ 'ያ፡፡ ሓረስታይ ከፍሪ ብዘይምኽኣሉ ብዙሕ ሰብ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ጥሜት ፀኒሑ 'ዩ፡፡ ሕዚ 'ውን  ካብቲ ጥሜት መሊኡ ዝወፀ ኣይኮነን፡፡ መንግስቲ ሕዚ ነዚ ብኣግባቡ ብምርዳእ ዝተፈላለዩ ንሕርሻ ዘቃለጥፉ እታዎታት እነሓገዘ ይርከብ፡፡

ካብዚ ተላዒሉ እቲ ክልል ሎሚ ዘበን 1 ነጥቢ 3 ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዝራእቲ ብምሽፋን ካብዚ ናብ 24 ሚሊዮን ኩንታል ፍርያት ንምእካብ ትልሚ ሒዙ እናተንቐሳቐሰ 'ዩ፡፡ ነዚ ንምዕዋት ድማ ስልጠናታት ካብ ምሃብ ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እናካየደ ይርከብ፡፡

መንግስቲ ዝተፈላላዩ እታወታት ሕርሻን ካልኦት ነዚ ዝሕግዙን ምንቕስቓሳት እናገበረ ይርከብ።ልዕሊ 400 ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብ ክልል ትግራይ ኣትዩ ንሓረስቶት ተኸፋፊሉ ይርከብ፡፡ ብሓፈሻ ነቲ ክልል ዘድሊ ኣቕርቦት ማዳበሪያ 700 ሽሕ ኩንታል ስለዝኾነ ዝተረፈ 300 ሺሕ ኩንታል መዳበሪያ 'ውን ንምውሳኽ ኣብ ከይዲ ይርከብ፡፡

መንግስቲ ነቲ ኣቅርቦት ብእዋኑ ምእታዉ ነቲ ሴክተር ክንደየናይ ዝኣክል ቖላሕታ ከምዝሃቦ ዘማላኽት 'ዩ፡፡ እቲ መዳበርያ ነቲ ሓረስታይ ዝቐርበሉ ዘሎ ብዝተመጣጠነ ዋጋ 'ዩ፤ እዚ ድማ ብፍላይ እቲ ሓረስታይ ኣታዊኡ ተዳኺሙ ብምፅንሑ ኣዝዩ ዝሕግዞ 'ዩ፡፡ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን መዳርግቲ ኣካላትን ንኽሕግዙ መንግስቲ ብምምችቻዉ  እናሓገዙ ይርከቡ፡፡

እቲ ክልል ድማ ኣዝዩ ሓገዛይ ክኸውን ይግበኦ፤እቲ ሓረስታይ ክላስተር መሰረት ዝገበረ ምህርቲ ንከፍሪ መምርሒታት ብምሃብ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ፡፡ ስራሕቲ መስኖ ንክጠናኸር ምሕጋዝ የድሊ፡፡ እቲ ሓረስታይ ተረባሒ ንከይኸውን ዝገብሩ ነገራት ምክትታል የድሊ፡፡ ዝግበሩ ዘለዉ ሓገዛት ኣብ መዓልኡ ክውዕሉ ይግባእ፡፡ ብዘይግቡእ መንገዲ ማዳበሪያ ንነጋዶ ዝሸጡ ካብ ተግባሮም ንክቁጠቡ ምግባር የድሊ፡፡

ብሓፈሻ ሕርሻዊ ለውጢ ክውን ንምግባር ቁልፊ ነገራት ምኽታልን ዘይተሓሓለለ ፃዕሪ ምግባርን የድሊ፤ መንግስቲ ከም ትረክተራት  ዝበሉ ዘቕረቦም ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ኣብ መዓለኦም ክውዕሉ ብምግባር ወሳኒ ስራሕ ምስራሕ፤ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ሕርሻ ካብ ውልቃውን መንግስታውን ክቐርቡ ይኽእሉ 'ዮም፡፡ እቶም ዝቐርቡ ብትኽክል ምጥቃም የድሊ፡፡ እቶም እታዎታት ኣብ ምዓለኦም እንተውዒሎም ዓቢዩ ለውጢ ክርከብ ይኽእል 'ዩ፡፡


# ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ኢኮኖሚ ንምዕባይ ሕርሻ ምዝማን

መኣርግ ገ/ሄር

ሓንቲ ሃገር ዝተፈላለዩ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ክህልውዋ ይኽእሉ 'ዮም:: ኢኮኖሚያዊ ፀገማታ ድማ ብተፈላላዩ መንገድታት ከትፈትሖ ትኽእል 'ያ:: እቲ ሓደ ሕርሻ ብምዝማን ክኸውን ይኽእል 'ዩ:: ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ከምዘለዉ ዝፍለጥ 'ዩ:: ትግራይ 'ውን ክፋል ናይታ ሃገር ከም ምኳና መጠን ሓንቲ ናይዚ ተፀላዊት 'ያ:: እዞም ብዙሓት ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ብተወሰነ ደረጃ ክፍትሑ ዝኽእሉ ሕርሻ ብምዝማን 'ዩ:: ብፍላይ እቲ ቐንዲ ዓንዲ ሑቐ ኢኮኖሚ ሃገርና ዝኾነ ሐርሻ ምኳኑ ዝፍለጥ 'ዩ::  እዚ ክዝምን ኣለዎ:: መብዛሕትኡ ህዝቢ ትግራይ ብሕርሻ ስለ ዝናበር ኣብዚ ዘፈር እዚ አሐይልካ ምስራሕ የድሊ:: ከምዝፍለጥ ክሳብ ሕዚ ኣብ ባህላዊ ኣሳራርሓ ፅግዕተኛ ኮይንካ ምስራሕ 'ዩ ዘሎ:: ኣብ ባህላዊ ፅግተኛ ኮይንካ ምንባር ዘዋፅእ ከምዘይኮነ ንዘመናት ዝተራእየ ጉዳይ 'ዩ:: ብኸምዚ ውሕስነት ምግቢ ምርግጋፅ ኣይከኣልን:: ግዴታ ናብ ዘመናውነት ከንሰጋገር ኣለና:: መንግስቲ ምህርቲ ሕርሻ ንምድንፋዕ ብትኹረት እንተዘይሰሪሑ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፀገም ክነብር ይኽእል 'ዩ::

በርግፅ ሕዚ ዝሓሸ ምንቕስቓሳት ኣለዉ ኮይኑ ግና እኹል 'ዩ ዝብል እምነት የብለይን:: ሕርሻ ብሳይነስ ዝተደገፈ ክኸውን ኣለዎ:: እቲ ሓረስታይ እኹል ትምህርቲን እታዎታትን ክረክብ ይግባእ:: ስኽ ኢልካ መዳበርያ ምቕራብ እኹል ኣይኮነን:: ኣብ ወረዳ ዓድዋ ኣብ በጀት ዓመት 2016/17 ምህርቲ ንምድንፋዕ ብሓገዝ ግሪን ኢትዮጵያ 246.5 ኩንታል መዳበርያ ን493 መራሕቲ ስድራን ስድራ ስውኣት ደቒ-ኣንስትዮን ሓገዝ ከምዝተገበረ ተገሊፁ 'ዩ:: ኮይኑ ግና እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ካልኦት ኣድለይቲ ዝበሃሉ ነገራት 'ውን ሓቢሮም ክኸዱ ኣለዎም:: ስልጠና 'ውን ክወሃብ ኣለዎ::

ናይ እታዎታት ፀገም ዘለዎ ወይ ዓቅሚ ዘይብሉ ሓረስታይ ክድገፍ ኣለዎ:: ሕዚ ዋላ ሙሉእ ኣይኹን ዝተወሰነ ሰላም ኣሎ:: ነዚ ሰላም እዚ ብዝግባእ ከንጥቕመሉ ኣለና:: ብዙሕ ሓረስታይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መሬቱ ሰኣን መዳበርያ እቶት ከይሃበ ተሪፉ 'ዩ:: ካብዚ ዝተለዓለ ብዙሕ ሓረስታይ ናይ ምግቢ ሕፅረት ኣጋጢምዎ ኣብ ፀገም ወዲቑ 'ዩ:: ነዚ ዘከላሕስ ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ:: እቲ ሓረስታይ ሓገዝ ብምሃብ ካብቲ ኣቲዎ ዝነበረ ፀገም ክወፅእ ዘመናዊ ኣካይዳ ብምኽታል ዝተዋደደ ስራሕ ምስራሕ የድሊ::

ብሉፃት ስራሕቲ ብምስፋሕን ኩሎም እታዎታት ብምጥቃምን ኣብ ባይታ ለዋጢ ንምምፃእ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ብዝተዋደደ መንገዲ ንሓረስታይ ክድግፉ ይግባእ። ለውጢ ኣምፂእና ኢና ክንብል እንተኾይና ብኢኮኖሚያዊ ዝዓገበ ማሕበረሰብ እንተፈጢርና ጥራሕ 'ዩ።

ኣብ ምትእትታውን ምጥቃምን ፓኬጅ ሕርሻ፣ ብሕብረት ስራሕ ማሕበር፣ መደበርያ ኣብ ሰዓቱ ክባፃሕ ኣብ ምግባር፣ ስርዓት ኤክስቴንሽን ምዕባይ፣ ሓለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምጥንኻር ኣብ መስተ ማይን ዝረአዩ ፀገማት ንክፍትሑ መሓውርካ ዘርጊሕካ ኣድማዒ ስራሕ ምስራሕ የድሊ:: ህዝቢ ትግራይ ብኢኮኖሚ ዓርሱ ክኽእል ወይ ካብ ተፀባይነት ረዲኤት ንምውፃእ፣ ኩሎም እታዎታት ሕርሻ ብምጥቃምን ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ሃፍተ ገነት ብምልላይን ተረባሒ ክኸውን አሐይልካ ምስራሕ የድሊ::

ህዝቢ ትግራይ ምስቲ ዝነበረ ኩናት ተተሓሒዙ ኣብ ከቢድ ፀገም ወዲቁ ከምዝነበረ ዝፍለጥ 'ዩ:: ሕዚ 'ውን መሊኡ ኣይወፀን፤ ብፍላይ ሎሚዘበን ናይ ምፍራይ ዓቅሙ ክብ ክብል እንተዘይክኢሉ ካብቲ ፀገም ከምልጥ ኣይኽእልን:: መፍረያይነት ክብ ንምባል ድማ መዳበርያ ብእዋኑ ምዕዳል ሓደ ካብቶም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ነገራት 'ዩ:: ሎሚዘበን ምክፍፋል መዳበርያ ዝሓሸ 'ዩ ዘሎ:: ከም ዝሓለፈ ዓመት ኣይኮነን:: ሓረስታይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ነጋዳይ ብክባር ዋጋ እናዓደገ ኣብ ከቢድ ክሳራ 'ዩ ነይሩ። ሎሚ ግና መንግስቲ ብተመጣጣኒ ዋጋ እናቕረበ 'ዩ ዘሎ:: ኮይኑ ግና እዚ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን:: እኹል ሙሩፅ ዘርኢ መንግስቲ ከቕርብ ኣለዎ::

**ኣብ ሕርሻ ዓብዪ ቖላሕታ ሂብካ ምስራሕ ካብቶም ቐንዲ ኢኮኖሚያዊ ፀገም መፍትሒ ዝበሃሉ ዘፈራት ሓደ 'ዩ**

ካሊእ ምስ እዚ ጎኒ ንጎኒ ቖላሕታ ዘድልዮ ድማ መሬት ብውሕጅን ንፋስን ተፀሪጉ ከይውዳእ ብተኽሊ ምሽፋን የድሊ:: ብፍላይ ምስቲ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ኩናት መሬት ትግራይ ኣዝዩ ተጎዲኡ 'ዩ፤ ልምዑነቱ ስኢኑ 'ዩ:: በዚ ምኽንያት ድማ ዓቅሚ መፍረያይነት ኣዝዩ ቐኒሱ 'ዩ::

ምትካል ፈልሲ ክበሃል እንተሎ ድማ ስኽ ኢልካ ምትካል ዘይኮነስ ኣየናይ ቦታ ነየናይ ተኽሊ ክስማዕማዕ ይኽእል ብምባል ብፅንዓት ብዝተሓገዘ ክኸውን ይግባእ:: እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝህቡ ፈልስታት ኣቕዲምካ ምድላው የድሊ:: ብፍላይ ድማ ልዑል ጥቕሚ ዝህቡ ክኾኑ ኣለዎም:: ፍራምረን መፍረያይነትን ንምዕባይ ዝሕግዙ ክኾኑ  ኣለዎም:: ማለት ንግልጋሎት ምግብነት ዝውዕሉ ፍራምረ ብፍላይ ኣቮካዶ፣ ሙዝ፣ ተምሪ፣ ፓፓዮ፣ ማንጎን ካልኦትን ዝመሳሰሉ ኣብ ግምት ምእታው የድሊ::

ብሓፈሻ ቑጠባዊ ዓቅምና ንምዕባይ ኣብ ሕርሻ ቖላሕታ ሂብና ክንሰርሕ ይግበኣና:: ሕርሻና ብምዝማን እንተዘይ ዓብዩን ውሕስነት ምግቢ ምርግጋፅ ከምዘይከኣል ግልፂ 'ዩ:: ስለዚ ካብ ቅድሚ ሕዚ ብዝተፈለየ መልክዑ ህዝቢ ምግቢ ውሕስንኡ ክረጋገፅ እንተኮይኑ ናይ መፍረያይነት ዓቕምና ክብ ክብል ኣለዎ:: ብኸምዚ ካብ ተፀባይነት ምግቢ ክንወፅእ ንኽእል ኢና:: ሕርሻ ብምዝማን ኣብ ሓፂር እዋን ለውጢ ክመፅእ ስለ ዝኽእል ካብ ኢኮኖሚያዊ ቑልውላው ክንወፅእ ንኽእል ኢና ዝብል እምነት ኣለኒ:: ስለዚ ኣብ ሕርሻ ዓብዪ ቖላሕታ ሂብካ ምስራሕ ካብቶም ቐንዲ ኢኮኖሚያዊ ፀገም መፍትሒ ዝበሃሉ ዘፈራት ሓደ 'ዩ::

# እዋናዊ ዛዕባ

## ‹‹ ኢትዮጵያ ጥንኩር መሰረት ዝወነነ ማክሮ ኢኮኖሚ ምህናፅ ክኢላ'ያ››

- ግልግሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 10 ኣዋርሕ ኣብ ዉሽጢ ብዙሕ ፈተናታት ብምዃን መዕባለኣ ደዉ ከይበለ ጥንኩር መሰረት ዝወነነ ማክሮ ኢኮኖሚ ምህናፅ ዝኸኣለት ሃገር ምዃና ሚኒስትር ዴኤታ ኣገልግሎት ኮሙኒኬሽን ኣብ ዝሃቦ መግለፂ ኣፍሊጡ 'ዩ። ሚኒስትር ዴኤታ ሰላማዊት ካሳ ኣብ እዋናዊ ኩነታት ብምድሃብ ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ፤ ኢትዮጵያ ዘመዝገበቶ 7 ነጥቢ 9 ዕብየት ኢኮኖሚ ኣብ ስሉጥ ምዕባለ ከምዘላ ዘርኢ እዩ ኢለን። ከም'ውን ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 10 ኣዋርሕ ኢትዮጵያ ኣብ ዉሽጢ ብዙሕ ፈተናታት ብምዃን መዕባለኣ ደዉ ከየበለት ጥንኩር መሰረት ዝወነነ ማክሮ ኢኮኖሚ ምህናፅ ዝኸኣለት ሃገር ምዃና ገሊፀን። እዚ ድማ ሃገራዊ ጠመተ ኣብ መስሳን ምህርቲ ብስፍሓት ምስራሕ ከምዝተኽኣለን ኣብ ተረባሕነት ሃፍትቲ ተፈጥሮ ጠመተ ምግባሩን ኣወንታዊ ዉፅኢት የረጋግፅ ከምዘሎ ዘርእይ 'ዩ ኢለን። እተን ሚኒስትር ዴኤታ ብሰፊሑ ዝሃበኦ መግለፂ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና:: ሰናይ ንባብ!

ኣብ ዋና ዋና ዘፈር ኣፈፃፅማ ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ግምገማታት እናተኻየዱ ፅኒሖም 'ዮም:: ኢትዮጳያ ኣብ ኣፍሪካ መበል ሓምሻይ ወናኒት ልዑል ኢኮኖሚ ከምዝኾነት ዝተፈላለዩ ትካላት ቑጠባ እናረጋገፁ ዝመፁ ሓቂ 'ዩ:: ኢትዮጵያ ዘይተቋረፀን ኣብብዙሕ ፈተና 'ውን ኾይና ብድልዱል መሰረት ዝተሃነፀ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ዘላዋ ሃገር ከምዝኾነት ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ወርሒ ኣመስኪራ 'ያ:: ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ በጀት ዓመት ዝተመዝገበ ብሓፈሻ ናይ ሽውዓተ ነጥቢ ትሻዓንተ ሚኢታዊ ቑጠባ ዕብየት ሃፍቲ ካብ ጎረቤት ሃገራትን ካልኣት ሃገራት ኣንፃር እትረአ ኢትዮጵያ ኸዚ 'ውን ኣብ ፈጣን ዕብየት ኢኮኖሚ እትርከብ ከምዝኾነት ብግልፂ ዘርኢ 'ዩ:: ኢትዮጵያ እዚ ዕብየት ንምምዝጋብ ዘኽእላ መልዐሊኣ እንታይ 'ዮም? መግለፂኦም እንታይ 'ዮም? ዝብል ሕቶ ንምምላስ ብፍላይ ድማ ምስ ማሕበረሰብ ቕርብ ዝበሉ ናይቲ ዕብየት መርኣያ ዝኾኑ ነጥብታት ንምርኣይ ዝኣክል ብቀዳምነት ከምዝፍለጥ ሕርሻ ማክሮ ኢኮኖሚ ብፅሒት ዝሕዝ ብመኃኑ ኣብ ናይ ሎሚ ሓጋይ ግዜ ዋና ዋና ናይ እኽሊ ምህርቲ ንምምራት ተተሊሙ ዝነበረ ናብ 513 ሚልየን ኩንታል 'ዩ:: ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋርሕ ዝተረኸበ ኣፈፃፅማ ድማ 506ሚልየን ኩንታል ኣብ ሓጋይ ግዜ ምርካብ ተኻኢሉ 'ዩ:: እዚ ድማ 98ሚኢታዊ ኣሳኺዑ 'ዩ:: ዓሚ 393 ሚልየን ኩንታል ነይሩ ሎሚ ዓመት ድማ 506 ሚልየን ኩናትል ማለት 'ዩ::

ኣብ ሆልቲካልቸር ዓብይ ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሐ ዝነበረ ዘፈር ግብርና 'ዩ:: ዓሚ ካብ ዝነበሮ 122ሚልየን ኩንታል ምህርቲ ነይሩ ሎሚ ዘመን 340ሚልየን ኩንታል ክብ ንምግባር ተኻኢሉ 'ዩ:: ዓብይ ትኹረት ዝነበረ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ መስኖ ስርናይ ኣብ ዓመት ኽልተ ሰለስተ እዋን ምምራት ዘኽእል ስርዓት እንትኾን ዓሚ 47ሚልየን ኩንታል ሎሚ ዘመን 106 ሚልየን ኩንታል ክብ ንምባል ዝተኽኣለሉ ዓመት 'ዩ:: ኢትዮጵያ ብምግቢ ባዕላ ክትኽእል ኣለዋ፣ ከምኡ 'ውን ዜጋታት ዝደልዩዎም እታዎት መንግስቲ ምህርትን ምህርታውነትን ብስፍሓት ክስራሕ ኣለዎ ብዝብል ዘለና ሃፍቲ ክንጥቀም ኣለና ብዝብል 'ዩ እናተሰርሐ ፀኒሑ:: ምህርቲ ሩዝ ከም ኣብነት ኣልዒልና እንተሪእና ዓሚ 9ሚልየን ኩንታል ዝነበረ ናብ 37 ሚልየን ኩንታል ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ ንምምራት ዝተኽኣለ 'ዩ:: እዚ ዘሪአና ዘሎ ሃፍቲ ብኣግባቡ እንድሕር ተጠቒምና ኸዚ 'ውን ካብዚ ብዝሓሸ ምህርቲ ግብርና ምዕባይ ከምዝካኣል መርኣያ 'ዮም::

ዘፈር ግብርና ብትኹረት እንትንምልከቶ ናይ ሆልቲካልቸር ምህርቲ ትኹረት ተገይርሉ ስራሕ ከምዝግባእን ካልኦት 'ውን ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ክሰርሕዎ ከምዝግባእ ተገሊፁ 'ዩ:: ከም ሃገር ካብ ተረዳኢነት ንምልቃቕ እንገብሮ ፃዕሪ እዚ ንምስኻዕ ድማ መንግስቲ ዝተቐመጡ ሽቶ ንክሳኽዑ ትኹረት ገይሩ እናተሰርሐ ፀኒሑ 'ዩ::

ካልእ ናይ ዕብየት ዓምዲ ዝባሃል ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘፈር ኢንዱስትሪ 'ዩ:: ዘፈር ኢንዱስትሪ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋርሕ መፍረይቲ ኢንዱስትሪ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ናይ ሃገር ብፅሒት ናብ 40 ሚኢታዊ ንምግባር 'ዩ ነይሩ ዝተተለመ 39ሚኢታዊ ዝኾነ ብፅሒት ዕዳጋ ንክህልዎ ምግባር ተኻኢሉ 'ዩ:: ካብ ወፃኢ ዝኣትዉ ምህርቲ ብሃገር ውሽጢ ኣፍሪኻ ምትካእ ካብ ወፃኢ ምድሓን ተኻኢሉ 'ዩ:: ንኣብነት ብሃገር ውሽጢ ዝተተከአ ፍርያት ናይ ቡቕሊ ፍርያት 'ዩ:: 228ሚልየን ዶላር ወፃኢ ምቕናስ ተኻኢሉ 'ዩ:: ዝውድኡ ኣቅሑ በቢገዛና እንጥቀመሉ ንኣብነት ፓስታ፣ መኮረኒ፣ ናይ ህፃናት ምግቢ ኣብ ሃገር ውሽጢ ምፍራይ ናብ 458ሚልየን ዶላር ወፃኢ ብምድሓን ናይ ሃገር ውሽጢ ፍርት ምትካእ ዝተኽኣለሉ ዓመት 'ዩ ነይሩ::

«ጎስጓስ ኢትዮጵያ ተምርት» ቅድም ኢልና ዘልዓልናዮም ካብ ወፃኢ ዝኣትዉ ነበሩ ናውቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ብምፍራይ እቲ ዓብይ ናይ ትኹረት ነጥቢ 'ዩ ነይሩ:: ብፍላይ ኣብ ዘፈር ኢንዱስትሪ እቲ ዓበይ ትኹረት ዝተውሃበ ነገር 'ዩ:: ኣብዚ ዘፈር ብዙሕ ዕንቅፋት ዝኾኑ ነገራት ይላዓሉ 'ዮም፤ እዚኦም ንምቕራፍ ድማ ምስ ኣፍረይቲ ተቐራሪብካ ምስራሕ የድሊ 'ዩ ::ነዚ ድማ 240 ዝኾኑ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪታት ተፈልዮም 'ዮም፤ ምስ እዚኦም ብቕርበት ዘላዎም ፀገማት እንታይ 'ዩ? ዝብል ቅልጡፍ መልሲ ንምሃብ እዚ ምትእስሳር ኣድላይ ከምዝኾነ 'ውን ትኹረት ዝተውሃበ 'ዩ:: ከም ሃገር ናይ ማክሮ ኢንዱስትሪ እንትላዓል ሓደ ዘፈር ማዓድን 'ዩ፤ ኢትዮጵያ ብዙሓት ዘፈር ማዕድን ኣለዋ ግና ብዝግባእ ከይተጠቐምናሉ ከምዝፀናሕና እናተገለፀ ዝነበረ ሓቂ 'ዩ:: እዚ ዘፈር ንዝግበኦ ልክዕ ንከይዓቢ ዕንቅፋት ኾይኑዎ ዝፀንሐ ንግዲ ኮንትሮባንድ 'ዩ:: ኣብቲ ዘፈር ግልፂ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክዝርጋሕ ከምዝግባእ ዘርኢ 'ዩ::

ንግዲ ዘፈር እንድሕር ርኢና ከም ሃገር ካብ ወፃኢ ንግዲ ዝተረኸበ ኣታዊ 3 ነጥቢ 3 ቢልየን ዶላር 'ዩ:: ዓሚ ካብዚ ዘፈር ዝተረኸበ 3 ነጥቢ 2 ቢልየን ዶላር 'ዩ ነይሩ ብዙሕ 'ውን ፍልልይ ዝፈጠረ ኣይኮነን፤ እዚ ዓብይ ገዛዕዮ መንግስቲ ከምዘለዎ ዘመላኽት 'ዩ::

ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ብዙሓት ሓደሽቲ መባፅሕቲ ቱሪዝም ተሰሪሖም 'ዮም ዝነበሩ ድማ ሕድሳት ብምግባር ብዙሕ ስራሕ እናተሰርሐ ፀኒሑ 'ዩ፤ በዚ ዘፈር ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋሕ ብዝተፈላለየ መልክዑ ልዕሊ 928ሽሕ ቱሪስትታት ናብ ኢትዮጵያ መፂኦም 'ዮም:: ኣብ ቀረባ ዓብይ ዕብየት እናምፀአ ዘሎ ናይ ሃገር ውሽጢ ምንቅስቃስ ቱሪዝም 'ዩ:: ኣብዚ ዝተንቀሳቐሰ ገንዘብ እንተንርኢ ናብ 58ቢልየን ብር 'ዩ:: እዚ ዘፈር ዓብይ ዓቕሚ ከምዘለዎ ዘመላኸተ ዓመት 'ዩ ነይሩ::

ዲጂታል ኢኮኖሚ ምቅስቃስ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ፣ ክፍያ፣ ቁጠባን ልቃሕን ዝኣመሰሉ ዓብይ ስራሕቲ ተሰሪሖ 'ዩ:: ከም ሃገር ዓብይ ለውጥ ከምፅእ 'ዩ ዝባሃል እቲ ሓደ ቁጠባ 'ዩ:: ዓሚ ናይ ድጅታል ቁጠባ ዝነበረ 1ነጥቢ 7 ቢልየን ብር 'ዩ ሎሚ ዓመት እዚ ብር ልዕል ብምባል 5ቢልየን ብር በፂሑ 'ዩ:: 4ነጥቢ 6ሚልየን ዜጋታት ናብ ፋይዳ መታወቅያ ምዝገባ ተኻይዱ 'ዩ:: ፋይዳ ናይ ድጅታል መታወቅያ ካብ ክፍያ ተደሓሒዙ ካብ ዝመፁ ሕቶታት ድጂታል መታወቅያ ምዝገባ ምንም ዓይነት ክፍያ ኣይጥይቕን:: እቲ ግልጋሎት ድማ ብኢትዮ ቴሌኮምን ጨንፈር ባንክታትን ኣብ ካልኦትን ምርካብ ይካኣል 'ዩ:: ናይ ፋይዳ መታወቅያ ብዝምልከት መራኸቢ ሓፋሻት ንማሕበረሰብ ግንዛቤ ምፍጣር ይግባእ::

ክሳብ ኸዚ ዝገለፅናዮ ከም ሃገር ዓበይቲ ዝባሃሉ ዕብየት ሃገር መልዓሊ ዝኾኑ ኣብ ካልኦት 'ውን ዝተረኸቡ ዓወት ኢትዮጵያ ከም ሃገር ካብ ኣፍሪካ ልዑል ኢኮኖሚ ንክትኾን ኣኽኢሉ 'ዩ:: ዓወት ጥራሕ ግና ኣልዒልና ኣይንሓልፍን:: ካብዚ ዝሓለፈ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ትሻዓንተ ኣዋርሕ ካብ ማሕበረሰብ ዝላዓሉ ሕቶታት ኣለዉ:: እቲ ሓደ ጉዳይ ሰላምን ድሕንነትን 'ዩ::

ካልእ ምኽባር ዋጋ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ዝላዓል ጉዳይ 'ዩ:: ስእነት ስራሕ፣ ፅሬት ግልጋሎት ኣዋህባ፣ እዚኦም ብስፍሓት ካብ ማሕበረሰብ ዝላዓሉ ነጥብታት 'ዮም:: ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ወርሒ ኣብ ማላእ ሃገርና ዘሎ ከተማ ብ18 ከተማታት ኣብ 107 ወረዳታታት 253 ቀበሌታት ምልከታ ተገይሩ 'ዩ:: ዕብየት ማክሮ ኢኮኖሚ ካብ ዘርከቡ እቲ ሓደ ምኽንያት እዚ ኽትትል ብምግባሩ 'ዩ::

ዜጋታት ዘልዕልዎም ፅዕንቶ ናብራ ንምቅላል ካብ ዝተወሰዱ ስጉምቲ እቲ ሓደ ሌማት ትሩፋት ሃገራዊ ጎስጓስ ሓደ 'ዩ:: በዚ ስራሕ ብዙሓት እናተሳተፉ 'ዮም:: ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ ሌማት ትሩፋት ውፅኢት ምምፃእ ዝጀመርሉ ግዜ ማለት ንኽእል ኢና:: ሌማት ትሩፋት ኣብ ናብራና ሕድሕድ ክንጥቀሞም ዝግብኡ ብውሽጡ ዝሓዘ "ዩ:: ካብዚኦም ውሽጢ ፀባ፣ ስጋ ደርሆ፣ ዓሳ ለውጢ ንምምፃእ ፍርያት ልዕል ምባል 'ዩ:: ስለዚ ሌማት ትሩፋት ኣብዚ ዓመት ለውጢ ዘምፅእሉ ዓመት 'ዩ ኢልና ምልዓል ንኽእል ኢና ::

ምስ ሰላም ኣጀንዳ ብዝምልክት መንግስቲ ንሰላም ዘለዎ ድልየት ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ ዘሪአ ዘሎ ጉዳይ 'ዩ:: እዚ ተግባራዊ ንምግባር ዝተፈላለዩ ምንቅስቃሳት እናተገበረ ፀኒሑ 'ዩ:: እቲ ሓደ ናይ ምኽክር ኮምሽን ንክጠየሽ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ፍትሒ ስግግር ንክሳኻዕ ናይ ምግባር ከይዲ 'ዩ:: ሃገራዊ ምኽክር ብዙሕ ምርምርን ፅንዓትን ኣካይዱ 'ዩ ናብዚ ተግባር ዝኣተወ:: ሃገራዊ እሴት ብዝተኸተለ መልክዑ ኣብ መላእ ሃገርና ብዝተሳኸዐ መንገድ እናተኸደ ይርከብ:: ኣብ ኣዲስ ኣበባ 'ውን ኣብ ቀረባ ኣጀንዳ ምፍላይ ብዓወት ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ:: ኹሉ ኢትዮጵያዊ ብተስፋ ዝፅበዮ ጉዳይ 'ዩ:: ነዚ ንምሳኻዕ ኸዚ 'ውን መንግስቲ ኣድላይ ዝባሃል ሓገዝ ምግባሩ ክቕፅል 'ዩ::

መንግስቲ ብሓይሊ ንምውዳቕ ዝሓስቡ ሓይልታት ናብ ሰላማዊ መንገዲ መፂኦም ሰላማዊ ምንቅስቃስ ፖለቲካ ንምስተፍ እንተደለዩ 'ውን ቅድሚ ኸዚ ዝሳተፍሉ ዕድል ዝተመቻቻወ ኣይነበረን:: እዚ ኣብ ብዙሕ ሃገራት 'ውን የለን:: ናይ ሃገርና ፖለቲካ መድረኽ ካብ ጎንፂ ባህርያት ንክወፅእ እዚ ዝተዳለወ ምኽክር መንገዲ ተጠቒሞም ሓሳቦም ምቕራብ ዝደልዩ ናይ ፖለቲካ ሓይልታት እንተሃልዮም ንዐኦም ምችው ኣጋጣሚ ንምፍጣር ምምሕያሽ ዝተገበረሉ ሰሙን 'ዩ:: እዚኦም ሓይልታት ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ኣፍልጦ ብምሃብ ናብ ስሩዕ መረፃ ኣካይዳ ንክኸዱ ናይ መረፃ ኣዋጅ ንክመሓይሽ ተገይሩ 'ዩ:: እዚ ድማ ንሰላም ክባሃል ንቕድሚት ስጉምቲ ዝተኻደሉ ሰሙን 'ዩ ክብል ንኽእል:: ድልየትን ቅዋም ሰላምን መንግስቲ ቅድሚ ኸዚ ዝነበረ ኸዚ ኾነ ፅባሕ ዝህሉ ከምዝኾነ ዝተረጋጋፀሉ 'ዩ::

ናይ ሎሚ ዓመት ግልጋሎት ወለንታውያን ብዙሕ ስራሕቲ እናተሰርሑ ፀኒሖም 'ዮም:: ኣጠቃላይ ሃገራዊ ጎስጓስ ክቅፀሉ 'ዮም:: መዓልቲ ግልጋሎት ወለንታውያን ብብርኪ ሃገር «ሓድነት ንሃገር ልዕልነት» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝስራሕ 'ዩ:: ወለንታውያን ስራሕቲ ሃገሩ ዝፈቱ ንወገኑ ዝሓስብ ዘለዎ ሃፍቲ ንካልኦት ንምክፋል ዝደሊ ወለዶ ንምፍጣር ዓብይ መሰረት እሴት ዝቕምጥ 'ዩ:: ኣብ ናይ ሎሚ ክረምቲ ብዙሕ ውፅኢት ዘምፅኡ ግልጋሎት ወለንታውያን ስራሕቲ ክስርሑ ተባሂሉ ትፅቢት ዝግበረሉ 'ዩ፤ ናብ 39 ሚልየን ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ መላእ ሃገር ክሳተፍሉ ትፅቢት ይግበር:: እዚ ብቅርሺ እንትትመን ኣብ ኢኮኖሚ ዘሕድሮ ኣስተዋፅኦ እንትንርኢ 21ነጥቢ 5 ቢልየን ቅርሺ 'ዩ:: እዚ መርሃ ግብሪ ኣብ ዝተፈላለየ ኸባብታት ዝርከብ ማሕበረሰብ ሕድሕድ ርክብ ዘጠናኽር ስራሕ ግልጋሎት 'ዩ:: ኣብዚ መርሃ ግብሪ ብወለንታውያን ፈልስታት ክትከሉ 'ዮም፣ መናእሰይ ብምእካብ ዓቅመ ደካማታት መሬቶም ክሓርሱ ዘይኽእሉ ንክሕረስ ክግበር 'ዩ፣ ገዘኦም 'ውን ንክሕደስ ክግበር 'ዩ ካልኦት ስራሕቲ 'ውን ክስርሑ ክግበር 'ዩ::

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኣብ ትግራይ ስሩዕን ዘይስሩዕን ዝናብ ስለዝህልው ኣብ ታሕተዎት መፋስስ ጥንቃቀ ክግበር ይግባእ››

-ኣይተ ሚኪኤል ሙሩፅ

ኣብርሃ ሓጎስ

**ከም ክልል ትግራይ ናይ ሎሚ ዘበን ናይ መፍረይነት ትልሚ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዘርእታት ብምሽፋን ካብዚ ናብ 24 ሚሊዮን ኩንታል ፍርያት ንምእካብ 'ዩ፡፡ ነዚ ንምዕዋት ድማ ስልጠናታት ካብ ምሃብ ጀሚሩ እታወታት ናይ ምድላውን ካልኦት ምንቅስቓሳት ይግበር ኣሎ 'ዩ። ምስ ዝናብ ተተሓሒዙ ናይ ሎሚ ዘበን ኩነታት ዝናብ ካብ ሜትሮ ሎጂ ብዝተገለፀልና መሰረት ኣብ ትግራይ ፅቡቅ ዝናብ ክህልው ተሓሳቢ ዝገብረ 'ዩ ዘሎ። መብዛሕትኡ ከባቢታት ትግራይ 'ውን ስሩዕን ልዕሊ ስሩዕን ከባቢ 'ዩ ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ከባቢ ዶግዓታት ምሕያል ዝናብን ውሕጀትን ክህልው 'ዩ ዝብል ትንበያ ስለዘሎ። ኣብ ታሕታዎት መፋስስቲ ዘለው ከባቢታት ካብ ውሕጅ እኹል ጥንቃቀ ክገብሩን ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ልምዓት መስኖ፣ ተኽልታት፣ እንስሳትን ሰብን ከይጉዳእ ጥንቃቀ ክግበር ይግባእ ዝበሉ ናይ ሎሚ ጋሻና ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኮሙኒኬሽን ዳይሬክተር ዝኾኑ ኣይተ ሚኪኤል ሙሩፅ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ፃንሒት ኣብ መድላዋት ሕርሻ ክልል ትግራይን መሰል ዛዕባታትን መለእኽታትን ከምዝስዕብ ኣሕሊፎም ኣለው ሰናይ ንባብ፡-**



**ወጋሕታ፡-ኣብ ትግራይ ምድላዋትን ትልምታትን ክራማት ዝራእቲን ከምኡ 'ውን ዝተጀመሩ ስራሕትን እንታይ ይመስሉ ተዝገልፁልና?**

**ኣይተ ሚኪኤል፡-** ከም ክልል ናይ ሎሚ ዘበን ናይ መፍረይነት ፕሮግራምና ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዝተፈላለዩ ዘርእታት ንምሽፋን ተተሊሙ ኣሎ። ካብዚ ናብ 24 ሚሊዮን ኩንታል ፍርያት ንምእካብ ንሰርሕ ኣለና፡፡ እዚ ክንብል ከለና እቲ ሕርሻ ዕውት ንክኸውን ዘድልዩ ዝተፈላለዩ እታወታት ኣለውዎ 'ዮም። ካብዚ ሓደ ናይ መፍራይነት ምድላው ብስልጠና 'ዩ ዝጅምር። ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት እቲ ሕብረተሰብ ብፍላይ እቲ ገባር ካብ ስሩዕ ስርሑ ይኹን ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ሞያ ሓበሬታት ርሒቁ ስለዝፀንሐ፤ ክኢላና ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ኣድላይ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ እንስሳን ንምጥንኻር ስልጠና ተግባርን ክልሰ ሓሳብን እናሃብና ኢና። ብፍላይ ምስ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ። ናይ ሃፍቲ እንስሳ ናይ ባዕሎም ከምኡ 'ውን ዝተፈላለዩ ኣብ ሕርሻ ናይ ጣፍ፣ ስርናይ፣ መሸላን ሰሊጥን እናበልና ብክላስተር ምዕባይ ዓቅሚ ንህብ ኣለና። በዚ መሰረት ካብ ክልል ክሳብ ታሕታዋይ ናይ ጣብያ መሓውርና ዘለው ምስታፍ ተኻኢሉ 'ዩ። ብስፍሓት ናይ ክለሳ ሓሳብን ተግባርን ስልጠናታት 'ውን ተዋሂቦም 'ዮም። ዝተወሃብዎ ናይ ክለሳ ሓሳብን ተግባርን ስልጠናታት ድማ ናብቲ ሓረስታይ ክወርድ ስለዘለዎ፤ ብፍላይ በቢኸባቢኡ ኣብ ጣብያታት ዝርከቡ ኣብ ማእኸል ሓረስቶት ኣብዚ ሰዓት እናተወሃበ ይርከብ። ዝወድኡ 'ውን ኣለው።

ቀፃሊ ዝኸውን ድማ ቀረብ እታወታት 'ዩ። ብፍላይ መዳበርያ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ብሓፈሻ ነቲ ክልል ካብ ዘድሊ ኣቕርቦት ማዳበሪያ ክሳብ ሐዚ ልዕሊ ኣርባዕተ ሽውዓተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብቲ ክልል ኣትዩ 'ዩ። መንግስቲ ፌደራል ነዚ ኣቅርቦት ብእዋኑ ብምእታው ከየመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን። መንግስቲ ናይ ሎሚ ዘበን ቀረብ እታወታት ብእዋኑ ብምእታዉ ነዓና 'ውን ጠቂሙና 'ዩ። ምኽንያቱ ኣቀዲምና ውሕስ ዝገበርናዮ ኩነታት ኣሎ 'ዩ። ዝጠለብናዮ ትሽዓተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ነይርና ናብ ሽውዓተ ሚእቲ ሽሕ 'ዩ ተፈቂዱና ክሳብ ሐዚ ድማ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብቲ ክልል ኣትዩ ኣሎ። እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ኸይዲ 'ዩ ዝርከብ ዘሎ፡፡

ካብቲ ዝኣተወ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብ ከባቢ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ዝኸውን ድማ ናብ ወረዳታት ክበፅሕ ተገይሩ ኣሎ። ኣብዚ ብኮኣፕርቲቫት ማሕበራትን ኣቢሉ እቲ ሓረስታይ እናዓደገ ዝርብሓሉ ኩነታት 'ዩ ዝፍጠር ዘሎ። ዋጋ ማዳበሪያ ኣብ ክልልና ኸባር ዝብሃል እንትዘይኮነ 'ውን ምስቲ ዝሓለፍናዮ ኩነታት ኲናት እቲ ሓረስታይ ብመንፅር ኣታዊ ናይ ምዕዳግ ዓቅሙ ተዳኺሙ 'ዩ ዝርከብ። ሰብና ዝሓለፈ ዓመት 'ውን ስለ ዘየፍረዩ ከምዚ ዓይነት ፀገማት' ውን ይርኣይ 'ዩ። ብኣውርኡ ድማ ኣብ ዘርኢ ዝምልከት 'ውን ከም ክልል ኣብዚ ሕቶ ኣለና።

ስለዚ እቲ ዝድለ መጠን ዘርኢ 'ውን ብዙሕ 'ዩ።

**ዝጠለብናዮ ትሽዓተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ነይርና ናብ ሽውዓተ ሚእቲ ሽሕ 'ዩ ተፈቂዱና ክሳብ ሐዚ ድማ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብቲ ክልል ኣትዩ ኣሎ**

ብፍላይ ኣብ ሰለስተ ኣዋሰንቲ ዞዋታት ዓፋር ድርቂ ተፈጢሩ ብምንባሩ ዘርኢ ኣይህልዎን ኢልና ኢና ንሓስብ። ኣብቲ ዝሓሸ ክራማት ዝነብረሉ 'ውን ኣብ ሰሜን ምዕራብን ማዕከላዊ ዞንን ኣብ መወዳእታ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ብምዝናቡ ምክንያት ዘርኢ የብሉን፤ ስለዝኾነ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን መዳርግቲ ኣካላትን እናሰራሕና ኢና ንርከብ። ክሳብ ሐዚ ናብ ከባቢ ሽውዓተ ሽሕ ዝኣክል ምሩፅ ዘርኢ ካብ ዝተፈላላያ ፕሮጀክታት ረኺብና ኣለና።

መብዛሕትኡ ብቃል ምእታው ዝተረኸበ ስለዝኾነ ክንዲ እቲ ዘድለ ዘይክኸውን ይኽእል 'ዩ፤ ስለዚ እቲ ዝተረፈ ሓረስታይና ካብ ካሊእ ከይተፀበየን ናባና ከየንቃዕረረ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ዘርኢ ክጥቀም ኢና ተረዳዲእና ዘለና። እንተተረኺቡ ነቲ ሓረስታይ ብዝተፈላለዩ ንክሕገዝ ከም ክልል ንፅዕር ኣለና ኢና። ይኹን እምበር እቲ ንፅዕሮ ዘለና 'ውን ዘይክዕወት ስለዝኽእል፤ ሓረስታይ ንዕኡ ክፅበይ የብሉን እሞ በቢ ከባቢኡ ናይ ሓደጋ እዋን ዘርኢ ኣዊጅና ኣለና። ናይ ሓደጋ እዋን ዘርኢ ምእዋጅ ማለት እቲ ሓረስታይ ደረጅኡ ዝሓለወ ዘርኢ ከይበለ በቢከባቢኡ ዘሎ ዘርኢ ክዘርእ ሓበሬታ ነሕልፍ ኣለና ኢና።

ካሊእ ከም ምድላው ምዕራፍ ዝርእ ሰፊሕ ናይ ጠሊ ምዕቃብ ምስራሕ 'ዩ። ትግራይ ኣብ ብዙሕ ከባብታት ፀገም ሕፅረት ጠሊ ኣለዋ 'ዩ። እዚ ማለት ግና ዝናብ ኣይዘንብን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ትግራይ ፅቡቅ መጠናት 'ዩ ዘሎ፤ ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ፀገማት ኣብ ዝርግሐ ዝናብ 'ዩ። ምዝባዕ ዝዘንበሉ እዋንን መጠንን 'ዩ 'ሞ፤ እቲ ሓረስታይና ነዚ ፀገም ክሓልፎ እንተኾይኑ ሰፊሕ ምዕቃብ ጠሊ ክገብር ኣለዎ። ስለዚ ከም ክልል ነዚ ንክስራሕ ንምግባር ብቢሮ ማይን ኢነርጅን ዝምራሕ ግብረ ሓይሊ ተጣይሹ፤ ኣንሕናን ካልኦት ሴክተራትን ዘለናሉ ብሓባር ንሰርሕ ኣለና ኢና። ስለዚ እቲ ሓረስታይና ምስቲ እቲ ክልል በጀት ዘይብሉ ሙኳኑ ኣብዝ ሐዚ ሰዓት ከም መማረፂ እንወስዶ ዘለና፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ ሰብ ሃፍቲ በቢዘለውዎ ነቲ ሓረስታይ ንምሕጋዝ ነናይ ባዕሎም ግደ ንክህልዎም ምጥያሻት እናተገብረ 'ዩ ዝርከብ። ስለዚ በዚ ዓይነት መምርሒ ብርክት ዝበላ ወረዳታት ኣብ ከባቢአን ዝርከቡ ሰብ ሃፍቲ ብምትሕብባር ስራሕቲ ቴሌቶን እናገበራ ኣብ ጠሊ ዓቀብቲ ዝብሃሉ ኣብ ምስራሕ ይርከባ።

ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሰሙን ኣብ ሓይቂ መስሓይል ኣብ ከባቢ ፅራእ ወንበርታን ከባቢታት ከይድና ከምዝርኣናዮ ኣብዚ ሰፊሕ ዝኾነ ምንቕስቓሳት ዓቀብቲ ጠሊ እናተሰርሐ 'ዩ። ካብተን ዝሰርሓ ዘለዋ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዝወድኡ 'ውን ኣለው። ኣብ ከባቢታት ራያ 'ውን ኣብ ራያ ዓዘቦን ከባቢኡን ብተመሳሳሊ ዓበይቲ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዝኾኑ መፀቀቢ ጠሊ ተሰሪሖም ኣለዉ። ኣብ ወረዳ በቢብርኩ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ሰብ ሃፍቲ ብምልዕዓል ነቲ ሓረስታይ ዝሕግዘሉ መንገዲ ንክፍጠር በዚ ኣጋጣሚ መልእኽቲ ከሕልፍ ይደሊ።

**ወጋሕታ፡- ሓፈሻዊ ኣብ ዝራእቲ እቲ ሓረስታይ ዝተረኸበ ዘርኢ ንክዘርእ ከምዘለዎ ኮይኑ፤ እንተተረኺቡኽ ብዝበለፀ እንታይ ዓይነት ዝራእቲ ክሸፈን 'ዩ ዝምከር።**

**ኣይተ ሚኪኤል፡-** ኣንሕና ነቲ ሓረስታይ እንታይ ከምዝዘርእ ኣይነማኽሮን እንታይ ከምዝዘርእ ባዕሉ ይፈልጥ 'ዩ። ኣንሕና ሓደ እንኽተሎ መንገዲ ክላስተር መሰረት ዝገብረ ሕርሻ ክፍፀም ኣለዎ ኢልና ኢና ሓሲብና ዘለና። ኣብ ዝራዕቲ ክላስተር ክንብል ከለና ፍሉጥ 'ዩ። ተመሳሳሊ ዘርኢ ንኣብነት ናይ ስርናይ፣ ጣፍ፣ ዕፉን ሰሊጥን ክላስተር ከምዘሎ ዝፍለጥ 'ዩ። ክላስተር ማሕበረ ሰብ ተወዲቡ ብሓደ ኹታ ገጠም ብዝኾነ መንገዲ ተመሳሳሊ ዘርኢ ተጠቂሙ ዘልመዕሎም ከባቢታት 'ዮም። ኣብዚ ዝተፈላለዩ ማሽናት ተጠቂሞም ከም ትራክተር ዝበሉ ክሓርሱን ሓደ በዓል ሞያ ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ከም ምክልኻል ባልዓት ካልኦትን ዝበሉ ስራሕቲ ክፍፅሙን ብሓደ ከመሓድሩን ከሎ 'ዩ። እዚ ኸምዚ እናሃለወ ከዓ ዳይቨርቲኬሽን ብዝምልከት ከዓ ሓረስታይ ንናይ ባዕሉ ዝጥቀመሉን ንዕዳጋ ዘቅርቦን 'ውን ከምዝዘርእ ዝፍለጥ 'ዩ። ስለዚ ነዚ መሰረት ሒዝና ናይ ዕፉን ክላስተር ብዕፉን ተወዲቦም ማሕበር ገይሮም ክሰርሑ በቢዞብኡ እናሰራሕናሉ ዝመፃእና ስለዝኾነ በዚ ክስራሕ መምርሒታት እናሃብና ኢና።

ብሃፍቲ እንስሳት ድማ ብኮሚዲቲ ቪለጅ ዝብሃል ስራሕቲ ንክስራሕ ተሓሳቢ ይገብር። ኮሚዲቲ ቪለጅ ክንብል ከለና እዚ ውን ክላስተር 'ዩ። እዚ ክላስተር ብስፍሓት ኣብ ፀባ ብልምዓት ፀባ ንክስርሑ፣ ከምኡ 'ውን ብስፍሓት ኣብ ምህጣርን ከፍቲ ይኹን ጠለ በጊዕ ብስፋሓት ክሰርሑ ዝኽእሉ ከባቢታት ብምውዳብ እቲ

‹‹ኣብ ትግራይ... ገፅ 6

# ዕዱም ጋሻ

## ‹‹ኣብ ትግራይ ስሩዕን ዘይስሩዕን ዝናብ ...

ሓረስታይ በዚ እናተወደበ ሕርሻኡ ዘነቃቕሐሉ ኩነታት ንክፍጠር እናተሰርሐ ይርከብ።

**ወጋሕታ፡- ምስቲ ናብቲ ክልል ኣትዩ ዘሎ ኣርባዕተ ሚኢቲ ሽሕ መዳባርያ ብሓፈሻ እቲ ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ መዳበርያ ንሕርሻ እቲ ክልል እኹል ድዩ?**

**ኣይተ ሚኪኤል፡-** እቲ ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ መዳበርያ ነቲ ክልል እኹል ኣይኮነን። ግና በቢዓመቱ ዝግበር እቲ ሓረስታይ ኣቀዲሙ ድልየቱ ወይ ጠለቡ የፍልጥ እሞ፤ እቲ ሓረስታይ ጠለቡ ምስ ኣፍለጠ ኣንሕና ድማ ነቲ ጠለብ መሰረት ገይርና ነዚ በጀት ሒዝና ንመንግስቲ ፌደራል ነሓትት። መንግስቲ ፌደራል ምስ ቢሮና ብዝገብርዎ ዝርርብ ናይ ልቃሕ ፍቃድ ተሰማሚያም 'ዩ ዝመፅእ እቲ መዳበርያ። ብዙ ኣግባብ እዚ 'ዩ ዝኸይድ። እንድሕር እቲ ሓረስታይ ዘይጠሊብዎ ከምቲ ናይ ቀደም ተገዲዱ ዝወሃቦ ስለዘየለ በዚ 'ዩ ዝኸይድ። ሐዚ ንመርየት ትግራይ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት እንብሎ ዘለና እኹል ማለት ኣይኮነን። ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ ማለት እኮ ንሄክታር በቢክልተ ኩንታል ኩንታል እንተሓሲብናዮ 'ውን ንሓምሳ ሽሕ ሄክታር ከባቢ ኣይሰርግርን ማለት 'ዩ። በቢናይቲ ሓረስታይ ጠለብ መሰረት ተገይሩ ትሽዓተ ሚእቲ ሽሕ መዳበርያ ተጠሊቡ ነይሩ፤ መንግስቲ ፌደራል እዚ ኣይከኣልኩን ስለዝበለ ቀኒሱ ናብ ትሽዓተ ሚእቲ ሽሕ ክነእትው ተፈቂድልና።

ካልእ ምስ ትሕዝቶ መሬት ተተሓሒዙ ድማ ቅድም ክብል ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ዝነብረ መሬት ሰፊሕ 'ዩ። ዞባ ምዕራብ ከምዘሎ ኣብ ካልኦት ሓይልታት 'ዩ ፀኒሑ። ነዚ ተሓሳቢ ገይርና ኢና 'ውን ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር እንብል ዘለና። እቶም ኣብኡ ዝነብሩ 'ውን ክምለሱ 'ዮም ብዝብል ተስፋ ሒዝና ኢና ናይ ልምዓት ስራሕቲ ንሰርሕ ዘለና። እዚ ንክሳለጥ ድማ ንምነ። ነዚ 'ውን መንግስቲ ይፅዕር ኣሎ። እዚ ከይኮነ እንተተሪፉ ግና ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ኣርባዓ ሚእታዊ ጥራሕ ኢና ክንሸፍን ክኢልና ነይርና እሞ። ከምኡ ንከይኸውን ግና ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ክልልን ፌደራልን እዋን ሕርሻ ከይኣተወ እቲ ህዝቢ ናብ ቦቱኡ ተመሊሱ ናይ ሕርሻ ስራሕቱ ክውግነሉ ዝፈጥረሉ መንገዲ ክስራሕ ይግባእ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ክሕልፍዎ ዝደልዩ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ሚኪኤል፡-** ኣብዚ ክልተ መልእኽቲ እየ ከሕልፍ ዝደሊ። ምስ ዝናብ ዝተተሓሓዘ ናይ ሎሚ ዘበን ኩነታት ዝናብ ካብ ሜትሮ ሎጂ ብዝተገለፀልና መሰረት ኣብ ትግራይ ፅቡቅ ዝናብ ክህልው ተሓሳቢ ዝገብረ 'ዩ ዘሎ። መብዛሕትኡ ከባቢታት ትግራይ መደበኛን ልዕሊ መደበኛን ዝበዝሖ ከባቢ 'ዩ ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ 'ውን ኣብ ከባቢ ዶግዓታት ምሕያል ዝናብን ውሕጅትን ክህልው 'ዩ ዝብል ትንበያ ስለዘሎ። ኣብ ታሕታዎት መፋስስቲ ዘለው ከባቢታት ካብ ውሕጅ እኹል ጥንቃቀ ክገብሩን ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ልምዓት መስኖ፣ ተኽልታት፣ እንስሳትን ሰብን ከይጉዳእ ጥንቃቀ ክግበር ይግባእ። ብፍላይ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምእላይ ውሕጃት ክሰርሕን ክጥንቀቅን ይግባእ።

ካልኣይ መልእኽቲ ድማ ኣገዳሲ እታወታት ዝብሃል መዳበርያ ብኽባር ወፃኢ ሽርፊ ዝርከብ እዚ መዳበርያ ኣብ መዓሉ ንክውዕል እቲ ሓረስታይ ብግቡእ ምእንቲ ክጥቀመሉ ኣብዚ ዝምልከቶም ኣካላት ናይ ዞባ፣ ወረዳን ጣብያን ኩሎም ዘለው ኣመራርሓ ናብ ሓረስታይን ሓረስታይ ጥራሕ ክኣትው ክገብሩን ሓረስታይ ሓንቲ ኩንታል ትኹን ርብዒ ኩንታል ክሸይጥ ከምዘይብሉ መልእኽቲ ከሕልፍ ይደሊ። ምኽንያቱ ብብዙሕ ፃዕርን ብወፃኢ ሽርፍን ዝመፅአ ስለዝኾነ እቲ ሓረስታይ ብኣግባቡ እንድሕር ዘይትጠቂሙሉ እቲ ካብ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ክንረኽቦ ንኽእል ኢና እንብሎ ምህርቲ ምርካብ ኣፀጋሚ 'ዩ ዝኸውን። ነዚ ተረዲኡ እቲ ሓረስታይ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ 'ዩ ዘለኒ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነብረና ፃንሒት የቐንየልና፡፡**

**ኣይተ ሚኪኤስ፡-** ኣነ ውን የቐንየለይ፡፡

## ልዕሊ 400 ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብ ትግራይ ክልል ኣትዩ ንሓረስቶት ተኸፋፊሉ

- 1 ነጥቢ 3 ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዝራእቲ ንምሽፋን ይስራሕ ኣሎ

**ኣብርሃ ሓጎስ፣ መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ ናብ ክልል ትግራይ ኣትዩ ንሓረስቶት ተኸፋፊሉ ይርከብ፡፡ከምኡ 'ውን ኣብቲ ክልል ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዝራእቲ ንምሽፋን ይስራሕ ከምዘሎ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ክልል ትግራይ ንዘበነ ምህርቲ 2016/17 ካብ ዘድሊ 700 ሺሕ ኩንታል ዘበናዊ ዱኾዒ (መዳበሪያ) እቲ ልዕሊ 400 ሺሕ ኩንታል ንሓረስቶት ከምዝተኸፋፈለ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግዚያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኢያሱ ኣብረሃ (ዶ/ር) ገሊፆም፡፡

ዝተረፈ 300 ሺሕ ኩንታል መዳበሪያ ኣብ ዝቕፅሉ 10 መዓልቲታት ክበፅሕ ኢዩ ዝብል ትፅቢት ከምዘለዎ ኣመልኪቶም፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ነቲ ዘበነ ምህርቲ ካብ ዘድሊ 150 ሺሕ ኩንታል ምሩፅ ዘርኢ ጣፍን ስርናይን 40 ሺሕ ኩንታል ከምዝተኣከበ ኣብሪሆም፡፡

ኣብ ሓደ ሓደ ዞባታት እቲ ክልል ዝናብ ምውቅዒ ስዒቡ ድማ ከም ምሽላ፣ ምሽላ ባሕሪን ዳጉሻን ዝበሉ ዝራእቲ ከምዝተዘርኡ ሓቢሮም ፡፡

ኣብ ዝቕፅሉ ኣዋርሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እቲ ክልል ዝህሉ ዝናብ ስዒቡ ሓደጋ ውሕጅ ክህሉ ስለዝኽእል ካብ ብሕዚኡ ስራሕቲ ምክልኻ ውሕጅን ስራሕቲ ምዕቛር ጠሊን ክውገን ከምዝግባእ 'ውን ኣገንዚቦም፡፡

ኮምኒኬሽን ዳይሬክተር እቲ ቢሮ ኣይተ ሚኪኣለ ምሩፅ ብግዲኦም ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚሊዮን ሄክታር መሬት ብዘርኢታት ንምሽፋን ብምትላም ከባቢ 24 ሚሊዮን ኩንታል ፍርያት ንምእካብ ናብ ስራሕ ኣቲና ኣለና፡፡

እቲ ሕርሻ ውፅኢታዊ ንክኸውን ዝተፈላለዩ እታወታት የድልዩ 'ዮም። ካብ እዚኦም ምድላዋት ስልጠና ሓደ 'ዩ ዝበሉ እንትኾኑ፤ እቲ ሕብረተሰብ ብፍላይ እቲ ገባር ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ካብ ስሩዕ ስርሑ ርሒቁ ብምፅንሑ ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ኣድላይ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ እንስሳ ንምጥንኻር ስልጠና ተግባርን ክልሰ ሓሳብን እናሃብና ኢና ኢሎም።

ብሓፈሻ ነቲ ክልል ዘድሊ ኣቕርቦት ማዳበሪያ ሸውዓተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል ከምዝኾነን ክሳብ ሐዚ ድማ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ኩንታል መዳበሪያ 'ውን ናብቲ ክልል ምእታው ዝገለፁ እቶም ዳይሬክተር፤ መንግስቲ ነቲ ኣቕርቦት ብእዋኑ ምእታው ብምምስጋን፤ እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ኸይዲ ከምዝርከብ ተዛሪቦም፡፡

ዋጋ ማዳበሪያ ኽባር ዝብሃል እንትዘይኮነ 'ውን እቲ ሓረስታይ ብመንፅር ኣታዊ ተዳኺሙ ብምፅንሑ የፀግመሉ 'ዩ ዝበሉ እንትኾን፤ ከምኡ 'ውን ሕፅረት ዘርእታት ምህላው ብምሕባር፤ ብፍላይ ድርቂ ኣጋጢምዎም ኣብ ዝነበሩ ዞባታት ዘርኢ ክፅገሙ ከምዝኽእል ተዛሪቦም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ሰሜን ምዕራብን ማዕከላዊ ዞንን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ብምዝናቡ ምክንያት ዘርኢ የለን፤ ስለዝኾነ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን መዳርግቲ ኣካላትን እናሰራሕና ኢና፤ ከባቢ ሸውዓተ ሽሕ ምሩፅ ዘርኢ ኣተኻኺብና ኢና ኢሎም።

ስለዝኾነ ዝተረኸበ ኹሉ ነቲ ሓረስታይ ንምሕጋዝ ፃዕሪ እናተገበረ ምዃኑ ብምግላፅ፤ እናተገበረ ዘሎ ኸይዲ ምትእኽኻብ ዘርኢ ከይኣክል ስለዝኽእል እቲ ሓረስታይ ብዝኾነይኹን ዘርኢ መሬቱ ክሸፍን ኣለዎ፡፡

ኣብቲ ክልል ብተደጋጋሚ ፀገም ጠሊ ንምቕራፍ እቲ ሓረስታይ ሰፊሕ ስራሕ ምእካብ ናይ ጠሊ ንክስራሕ ንምግባር ብቢሮ ማይን ኢነርጅን ዝምራሕ ግብረ ሓይሊ ምምስራቱ ብምሕባር፤ ምስ ሰብ ሃፍቲ ብምትሕብባር ስራሕቲ ቴሌቶን ብምክያድ ኣብ ኣፅቢ ወንበርታን ከባቢታት ራያን ሰፊሕ መፅንሒ ጠሊ ቦታታት ምስርሑም ገሊፆም፡፡

እቲ ሓረስታይ ክላስተር መሰረት ዝገበረ ምህርቲ ንክፍሪ መምርሒታት እናሃብና ኢና ዝበሉ እንትኾኑ፤ ብሃፍቲ እንስሳት እንትኾነ ከፍቲ ብምህጣርን ብልምዓት ፀባ ብምጉጃል ሰፊሕ ስራሕቲ ንምዃን እናተሰርሐ ምዃኑ ገሊፆም፡፡

ምስ ዝናብ ተተሓሒዙ ዝተረኸበ ራሕሲ ማይ ብምእካብ ስራሕቲ መስኖ ንክጠናኸርን እቲ ሓረስታይ ተረባሒ ንክይኸውን ብዘይግቡእ መንገዲ ማዳበሪያ ዝሸጡ ነጋዶ ካብ ተግባሮም ንክቁጠቡ ኣተሓሳሲቦም፡፡

## ሃገራዊ ምኽክር ኣብ መንጎ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘሎ ዘይምርድዳእ ብምውጋድ ሓድነትን ርክብን ዘሐይል 'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ሃገርና እናተኻየደ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር ንዘመናት ዝፀንሑ ዘየረዳድኡና ተረኻት ብምትራፍ ኣብ መንጎ ዜጋታት ዝምድናን ሓድነትን ዝፈጥር ኣጋጣሚ 'ዩ ክብላ ሓላፊት ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ጨንፈር ብልፅግና ትግራይ ወይዘሮ ኣበባ በርሀ ገሊፀን፡፡

ወይዘሮ ኣበባ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፀኦ፤ እዚ ምኽክር መሰረታውን ሃገራውን ጉዳይ ብምዃኑ ንነዊሕ እዋን ናይ ሓሳብ ኣፈላላይን ዘይምርድዳእን ቀለልቲ ጉዳያት ኣግዚፍና ብምርኣይ ንብዙሕ ዓመታት ፀኒሕና ኢና፤ ኸዚ ግና ኣተሓሳስባና ብምፅባብ ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ሓሳብና ክንገልፅ ብምኽኣልና ከም ሓደ ኢትዮጵያዊ ዝተሓበንኩሉ ስራሕ 'ዩ ኢለን ፡፡

እዚ ምኽክር ከም ሃገር ዘለዎ ረብሓ ዝተፈላለየ ክፋላት ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዘሎ ርክብ ምትእምማንን ሓድሽ ስርዓት ፖለቲካ ዝፈጠረ 'ዩ ዝበላ ወይዘሮ ኣበባ፤ ኣብ መንጎ ዜጋታትን ምትእምማን ብምፍጣር ብሃገር ለኸ ስርዓት ዲሞክራሲ ዝሃንፅ 'ዩ ኢለን፡፡ ንዘመናት እናተንከባለለ ዝመፀ ውሽጣዊ ፀገማትና ብምርድዳእ ንምፍታሕ ዘኽእል ባህሊ ፖለቲካ ንምዕባይ ዝርግሐ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምድልዳል ዝፈጥር 'ዩ፡፡

ምኽክር ምግባር እዋናዊ ዝፈጠሩ ፀገማት ዘላቒ ብዝኾነ መንገዲ ፍታሕ ተገይርሎም ዘተኣማምን ሰላምን ድሕንነትን ዝፈጥርን ዘመቻችውን 'ዩ ዝበላ ወይዘሮ ኣበባ፤ ሃገራዊ ምርድዳእ ተቐባልነት ዝርገሐ ዘለዎ ሃገረ መንግስቲ ንምህናፅ ፅኑዕ መሰረት ንምዝርጋሕ ዝዓለመ 'ዩ ክብላ ኣብሪሀን፡፡

እዚ ዘሪአና እንድሕር ፀገማትና ብምኽክርን ዝርርብን ምፍታሕ ልማድ ሃልዩና ዝሓሸ ምሕደራ ናይ ፖለቲካ፣ልምዓት፣ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራዊ ጉዳይ ናብ ዝሓሸ መንገዲ ንክመፅእን ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ተሞክሮ ብምውሳድ ክንጉዓዝ ኣለና ኢለን፡፡

ህዝብና እንድሕር ናብ ሓደ ምርድዳእ መፂኡ ነዚ ሐዚ ዘሎ ወለዶ ጥራሕ እንተይኾነስ ንቀፃሊ ወለዶ 'ውን ሰላማዊ መሰረት ዘርጊሑ ክሓልፈሉ ዝኽእል ናይ ሰላም ባይታ ክህሉ ይኽእል 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ ኢለን፡፡

## በቲ ኹናት ዝተጎድአ ሃፍቲ...

ኣብሪሆም።

ቅድሚ እቲ ኹናት ኣብቲ ክልል ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዕስለ ንህቢ ከምዝነበረን ካብዚ 'ውን ልዕሊ ስልሳ ሽሕ ኩንታል መዓር ይርከብ ከምዝነበረ ብምዝኽኻር፤ ኣብዚ እዋን ግና ብዝተፈላለዩ ሕፀረታት ምኽንያት ኣብዚ ዓመት ከባቢ ዒስራ ሽሕ ኩንታል ከምዝፈረየ ገሊፆም።

ካብዚ ተወሳኺ ኣብ ገለገለ ከባቢታት ናብቲ መዓር ባዕዲ ብምሕዋስ ፅርየት እቲ መዓር ንክቕንስ ዝገብሩ ከምዘለው ብምሕባር፤ እዚ ንምቁፅፃር 'ውን ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ ገሊፆም።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ መጠንን ፅርየትን ምዓር ዘሎ ጉድለት ሓፍ ንምባል ኣብ ዝቕፅል ዓመት ልዑል ትኹረት ብምሃብ ንክስራሕ ኣንፈት ተተሓሒዙ ከምዘሎ ተዛሪቦም።

ቅድሚ እቲ ኵናት ኣብቲ ክልል ካብ ዝርከቡ ፍርቂ ሚልዮን ቆፎታት ንህቢ 40 ሚእታዊ ዘመናዊ ኮይኖም ዝተረፉ ድማ ባህላዊ ከምዝነበሩ ብምሕባር፤ ሃፍቲ ንህቢ እቲ ክልል ንብርኪት ንዝበሉ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ስራሕ ኣብ ምፍጣር፣ ውሕስና ምግቢ ኣብ ምርግጋፅን ኣብ ምዕቃብ ስነ ምሕዳርን ልዑል ግደ እናገበረ ዝነበረሉ ኩነታት ከምዝነበረ 'ውን ገሊፆም ።

ኣብቲ ክልል ኣብ ምህርቲ ንህቢ ዝተዋፈሩ ኣስታት 50 ሽሕ ሓረስቶት ከምዘለዉ 'ውን ወሲኾም ገሊፆም።


ኣይተ ጎሹ ወልደኣበዝጊ

## ናብ ኣክሱም ዝኸዱ ቑፅሪ ...

ታሪኻዊት ዝኾነት ኣኽሱም ንከመፅእ እቶም ካብ ደቡብ ኮርያ ዝመፁ ሃወፅቲ ኣብ ኣክሱም ዝረኣዩዎ ንካልኦት ብምፅላው ኣምባሳደራት ኮይኖም ንክሰርሑ እቶም ሓላፊ ተላብዮም ከም ሓበሬታን ርክብን ከተማ ኣኽሱም።

መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮውሃንስ 4ይ ኣክሱም፣ 02 ሰነ 2016 ዓ.ም ላዕለዎት ኣመራርሓ ፌደራልን ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይን ኣብ ዝተረኸቡሉ ድሕሪ ኣስታት ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ስነ ስርዓት ዳግም ምጅማር ኣገልግሎት ከም ዝተሳለጠ ይዝከር።





# ‹‹ኣብታ ርእሰ ከተማ ህዝቢ ብምስታፍ ዝስርሑ ስራሕቲ ልምዓት ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ‘ዮም››

-ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ህዝቢ ብምስታፍ ዘላቒ ሰላም ናይ ምህናፅን ምቅልጣፍ ልምዓትን ስራሕቲ ከምዝቕፅል ከንቲባ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ገሊፀን።

እተን ከንቲባ ብዝተረኸበአ ኣብታመዲና ንድፊ ሓሳብን ኣካላዊ ብቕዓትን ስልጠና ዝወሰዱ 11 ሽሕ ኣባላት ሰራዊት ሰላም ኣብዝሓለፈ ቀዳም ተመሪቖም።

እተን ከንቲባ ኣብቲ እዋን ከምዝበለአ፤ ካብ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብታ ርእሰ ከተማ ህዝቢ ምስ ሓይልታት ፀጥታ ብምውዳድ ልዕልነት ሕጊ ብምኽባር ስራሕቲ ልምዓት ክሳለጡ ከምዝኽኣሉ ሓቢረን፡፡

ብምኧኑ ኣብታ መዲና ዝተሰርሑን ዝስርሑ ዘለዉን ስራሕቲ ልምዓት ህያው ምስክር ምኧኖም ገሊፀን።

ህዝቢ ኣብ ስራሕቲ ሰላም፣ ፀጥታን ልምዓትን ብምስታፍ ዘላቒ ሰላም ምህናፅን ስራሕቲ ልምዓት ምቅልጣፍን ተጣናኺሩ ከምዝቅፅል ገሊፀን።

ኣብታ መዲና ዘላቒን ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ሰላም ንምስፋን እቶም ሎሚ ዝተመረቑ 11 ሽሕ ኣባላት ሰራዊት ሰላም ሓዊሱ ክሳብ ሕዚ 341 ሽሕ ኣባላት ሰራዊት ሰላም እናሰርሑ ከምዝርከቡ ገሊፀን።

ንቐፃሊ ውፅኢት ዝተረኸቦ ህዝባዊ ኣወዳድባ ብቴክኒክን ኣካልን ብቕዓት ብምህናፅ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ናይ ምሕላው ስራሕ ክጠናኸር ከምዘለዎ ኣስሚረናሉ።

እቲ ሰራዊት ሰላም ኣብ ምሕላውን ዝተሰርሑ ልምዓታዊ ስራሕትን ትኹረት ብምግባር ክሰርሕ ኣተሓሳሲበን።

ሓላፊት ምምሕዳር ሰላምን ድሕንነትን ኣዲስ ኣበባ ሊድያ ግርማ ብግዲአን፤ ነበርቲ እታ ከተማ ብምስታፍ መሓውርን ኣወዳድባን ሰላምን ክጠናኸር ከምዝኽኣለ ጠቒሰን።

ነዚ ስዒቡ ኣብታ ርእሰ ከተማ ነባሪ ሰላም ናይ ምህናፅ ተግባር ተጠናኺሩ ይቕፅል ከምዘሎ ሓቢረን።

ኣሳራርሓ ህዝባዊ ኣዋዳድባታት ዘመናዊ ብምግባር፣ ዓቕሚ ትካላት ብምጥንኻር፣ ምስ ካልኦት ኣኽበርቲ ሰላም ብምውህሃድ ይስራሕ ከምዘሎ ኣብሪሆን።

ኣብታ ከተማ ካብ ኩሉ ከባቢታት ዝተውፃእፅኡ ኣባላት ሰራዊት ሰላም ብዘላቕነት ሰላምን ፀጥታን ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ክለሳ-ሓሳባውን ኣካላዊ ስልጠናታት ብምውሳድ ምምራቖም ገሊፀን።

እቲ ህዝቢ ብወለንታዊነት ናይ ሰላም በዓል ዋና ክኸውን ስምሪት ብምሃብ ሰላምን ፀጥታን ናይ ምርግጋፅ ስራሕ እናተጠናኸረ ከምዝቕፅል ‘ውን ኣረጋጊፀን።

ካብቶም ርኢቶኦም ዝሃቡ ተመረቕቲ ኣባላት ሰራዊት ሰላም ሓደ ዝኾነ ቴድሮስ ሽፈራው፤ ክለሳ-ሓሳብን ተግባራውን ስልጠና ብምውሳድ ምስ መሓውር ፀጥታ ብምውህሃድ ሰላምን ድሕንነትን ኣዲስ ኣበባ ንምሕላው ድሉው ምኧኑ ገሊፁ።

ካልእ ርእይትኡ ዝሃበ በሃይሉ ቢጋሻው፣ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ብምሕላው ነቲ ልምዓት ንምቅልጣፍ ብቆራፅነት ከም ዝሰርሕ ገሊፁ።

---

# ንሃገራዊ ምኽክር ኣጀንዳታት ኣብ ናይ ምቕራፅ ኸይዲ ውሽጢ ጠመተ ዝግበረሎም ጉዳያት እንታይ 'ዮም?

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ በኣበባ፡- ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣጀንዳታት ምኽክር ኣብ ናይ ምትእኽኻብን ምቕራፅን ኸይዲ ውሽጢ ዘፈር ብዙሕ ተግባራት ክሰርሕ 'ዩ። ካብ ኩሎም ክፍልታት ሃገርናን ካብ ማሕበረሰብ ዲያስፖራን ግልፂ፣ ኣካታታይን ኣሳታፋይን ብዝኾነ መገዲ ዝተኣኻኸቡ ኣጀንዳታት ናብ ቤት ምኽሪ እቲ ኮሚሽን በቢ መልክዑ ተፈልዮም ድሕሪ ምቕራቦም ንጉባኤ እቲ ሃገራዊ ምኽክር ዝኾኑ ኣጀንዳታት ክቕረፁ 'ዮም።

ኣብ ኸይዲ ቐረፃ ኣጀንዳ ውሽጢ እቲ ኮሚሽን ካብ ዝኽተሎም መትከላት እቲ ሓደ ንጉባኤ እቲ ምኽክር ዝቐርቡ ኣጀንዳታት ምምጣን 'ዩ።

ሃገርና ኢትዮጵያ ብዙሓት ፀገማት እናሓለፈት ምኧኑ ዝፍለጥ 'ዩ። እቲ ኮሚሽን 'ውን ብኣዋጅ ቁፅሪ 1265/2014 እንትጣየሽ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ፖለቲካን ሓሳብን ከምኡ 'ውን ክፍልታት ሕብረተሰብ ኣዝዮም መሰረታዊ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ኣፈላላይ ሓሳብን ዘይምርድዳእን ምህላዉ ኣብ ግምት ብምእታው 'ዩ።

ኣብ ሓደ ሓደ መድረኻት ከምዝስትውዐል እቲ ኮሚሽን ኹለመዳያዊ ፀገማት ሃገርና ክፈትሕ ዝኽእል ተገይሩ ስለዝተወሰደ ኢሉ 'ውን ካብ ዝተጣየሸሉ ዕላማ ወፃኢ ንዝለዓሉ ጉዳያት ከምዘስተኣናግድ ትፅቢት ዝግበረሉ ክስተኻኸል ዝግብኦ 'ዩ።

እቲ ኮሚሽን ዝተጣየሸ ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ዝሕግዙ ኢሉ 'ውን ዘላቒ ሰላምን ምርግጋእን ንክህልው መፍትሒ ሓሳባት ንኽፈልቁ ቀንዲ ተራ ንምፅዋት ከምዝኾነ ብሕዚኡ ክፍለጥ ይግባእ። በዚ ምኽንያት 'ውን 'ዩ እቲ ኮሚሽን ሃገራዊ ምርድዳእ ክግበረሎም ዝግብኡ፤ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ብምቕራፅ ናብ ጉባኤ እቲ ምኽክር ንክቐርቡ ዝገብር።

እቲ ኻልኣይ ድማ ኣጀንዳታት ድምፆም ጎሊሁ ዘይስማዕ (minorities) ክፍልታት ማሕበረሰብ ብኣግባቡ ምክታቶም ምርግጋፅ 'ዩ

ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ ዝትግበሩ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ስርዓታት ውሽጢ ድምፆም ጎሊሁ ዘይስማዕ ክፋላት ማሕበረሰብ ከምዘለዉ ይፍለጥ 'ዩ። እቲ ኮሚሽን ንዝተኣከቡ ኣጀንዳታት መሰረት ገይሩ ንሃገራዊ ምኽክር ንዝቐርቡ እንትቐርፅ ድምፂ እዞም ክፋላት ማሕበረሰብ ምንፅብራቕ ምኽኣሉ ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎ።

ከምኡ 'ውን እዋናውን ኣዝዮም ዘህፅፁን ንዝኾኑ ጉዳያት ቐዳምነት ምሃብ እንትኸውን፤ እቲ ኮሚሽን ኣብ ኸይዲ ምኽክር ዝእከቦም ቐፂሉ 'ውን ዝቐርፆም ኣጀንዳታት ብቑፅሪ ብዙሓት ክኾኑ ከምዝኽእሉ እንትተገመተ 'ውን ሃገርና ትርከበሉ ህሉው ኩነታት ብዘገናዘበ መልክዑ ምኽክር ክግበረሎም ዝግባእን ቕልጡፍ ፍታሕ ዝደልዩን ጉዳያት ብምፍላይ ንጉባኤ እቲ ሃገራዊ ምኽክር የቕርብ።

ኢትዮጵያ ትመክር ኣላ!

---

# ዕጡቓት ሓይልታት ናብ ዕጥቂ ዘብቅዖም ኣጀንዳ ናብ ምኽክር እንተምፂኦምዎ ኩሉ ሰዓራይ ክኸውን ይኽእል 'ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዕጡቓት ሓይልታት ናብ ዕጥቂ ዘብቅዖም ኣጀንዳ ናብቲ ሃገራዊ ምኽክር እንተቕሪቦምዎ ኹሉ ሰዓራይ ክኸውን ከምዝኽእል ፈፃሚት ስራሕ ፓርቲ ኢዜማን ኣካቢት ክንፊ ደቂ ኣንስትዮ ሓባራዊ ቤት ምኽሪ ፖለቲካዊ ፓርትታት ኢትዮጵያን ቅድስት ግርማ ገሊፀን።

ፈፃሚት ስራሕ ፓርቲ ኢዜማን ኣካቢት ክንፊ ደቂ ኣንስትዮ ሓባራዊ ቤት ምኽሪ ፖለቲካዊ ፓርትታት ኢትዮጵያን ቅድስት ግርማ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፃኦ፤ ዕጡቓት ሓይልታት ናብ ዕጥቂ ዘብቅዖም ኣጀንዳ ናብቲ ሃገራዊ ምኽክር ብምቕራብ ፀገማት ምፍታሕ ይግባእ።

ዕጡቓት ካብ ጎንፂ ሕድሕድ፣ ምቅትታልን ዘይምርድዳእን መንግስትን ስርዓትን ኸምዚ በዲሉና 'ዩ ኢሎም ኣጀንድኦም ናብቲ ሃገራዊ ምኽክር ብምምፃእ ንህዝቢ ኢትዮጵያ እንተዘፍልጡ ኹሉ ሰዓራይ ክኸውን ከምዝኽእል ኣፍሊጠን።

ሕቶኦም ብጠበንጃ ንኽምለሰሎም ዝፍትኑ ሓይልታት ብምውጋእ መትረፋይን ሰዓራይን ክኾኑ ስለዘይኽእሉ ብሰላማዊ መገዲ ንዝፍትሐሉ መማረፂ ክኽተሉ ከምዝግባእ ገሊፀን።

ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ዘይምስታፍ ደው ንብለሉ ኢና፣ ክንቃለሰሉ ኢናን ክንሞተሉ ኢናን ንዝብልዎ ኣጀንዳ ህዝቢ ንቕድሚት ወፂኡ ንኸይፍታሕ ምግባር 'ዩ ዝበላ እተን ፈፃሚት ስራሕ፤ ነቶም ፀገማት ብምዝርራብ፣ ብምዝታይን ብምምኽኻርን ብምፍታሕ ዘላቒ ሰላም ምዕሳል ከምዝግባእ ተዛሪበን።

ከም ገለፃ እተን ፈፃሚት ስራሕ፤ ሓደ ሓደ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ብምኽንያት ስርዓት ኣሰራርሓ መንግስትን ኻልኦት ምኽንያታትን ኣብቲ ምኽክር ኣይንሳተፍን ይብሉ። ፓርቲታት ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ብንቕሓት እንተዝሳተፉ ተጋዲሎም ክቕይርዎ ዝደልዩ ስርዓት ኣሰራርሓን ኣጀንዳን ሰላማዊ ብዝኾነ መገዲ ካብ ምፍታሕ ሓሊፎም ንመንግስቲ ከምህሩ ከምዝኽእሉ ገሊፀን።



ቅድስት ግርማ

ኣሰራርሓ መንግስትን ፓርትን ብሓደ ዝተጣመረ ብምኧኑ ንመንግስትን ገዛኢ ፓርትን ንምፍላይ ፀገም ዝኾነሉ ስርዓት ኣሰራርሓ ምህላዉ ገሊፀን፤ ነዚን ከምዚ ዝኣመሰሉን ፀገማት ናብቲ ሃገራዊ ምኽክር ብመልክዕ ኣጀንዳ ብምቕራብ ንክፍታሕ ምግባር ይግባእ ክብላ ኣረዲአን።

ፓርትታት ካብ ዘለዓዕሉ፣ ዝፈላልዩን ዘጓንፁን ኣጀንዳታት ዓርሶም ብምዕቃብ በቢከባቢኡ ንዝለዓሉ ጎንፅታት ምስ መንግስትን ማሕበረሰብን ብምትሕብባር ምፍታሕ ይግባእ ኢለን።

ንነዊሕ ዓመታት ናይ ሓሶት ትርኽቲ ብምፍጣር፣ ሓደ ዝገብሩ ነገራት ብምግዳፍን ዝፈላልዩ ኣጀንዳታት ብምብዛሕን ነንሕድሕድ ዝተቀታተልናሎም ዝሓበጡ ፀገማት ከምዘለዉ ዝተዛረባ እተን ፈፃሚት ስራሕ፤ ነዞም ፀገማት ንምፍታሕ ኹሉ ማሕበረሰብ ዝርርብ፣ ምኽክርን ምይይጥን ባህሊ ክገብር ከምዝግባእ ተዛሪበን።

እቲ ሃገራዊ ምኽክር ንኢትዮጵያ ካብቲ ሕዚ ዘላቶ ሕድሕዳዊ ዘይምርድዳእ፣ ጎንፅን ኵናት ዘውፅእ ብምኧኑ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ብዘይምኹራይ ብንቕሓት ብምስታፍ ዝተረጋግአትን ሰላም ዝዓሰላን ኢትዮጵያ ጋህዲ ምግባር ከምዝግባእ ኣተሓሳሲበን።




# ኣብ ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ዝሳተፍ ጉጅለ ኣትሌታት ናብ ዱዋላ ተጓዒዞም

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣብ መበል 24ን ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ዝሳተፍ ብሄራዊ ጉጅለ ኣትሌታት ኢተዮጵያ ንውድድር ዝገበሮ ምድላዋት ዛዚሙ ትማሊ ናብ ከተማ ዱዋላ ካሜሮን ተጓዒዙ። ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኢትዮጵያን ኣትሌቲክስ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያን ነቲ ጉጅለ ኣትሌቲክስ ናይ ምስናይ ስነ ስርዓት ዝገብረሉ እንትኾን፤ ኣብዚ ስነ ስርዓት ርክክብ መምርሒ ስራሕን ባንዴራን ትኻይዱ ‘ዩ።

ብሄራዊ ጉጅለ ኣትሌታት ኢተዮጵያ ካብ ፅባሕ ሰነ 14 ክሳብ 19/2016 ዓ.ም ብካሜሮን ኣብ ከተማ ዱዋላ ኣዳላውነት ዝካየድ መበል 23ን ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ንምስታፍ ትማሊ ናብቲ ቦታ ዘቅንዐ እንትኾን፤ እቲ ብሄራዊ ጉጅለ ን15መዓልታት ተኣኻኺቡ ምድላዋት እናገብረ ፀኒሑ ‘ዩ። እቲ ጉጅለ ብጉያ፣ ዝላን ውርወራን ካብ ዝካየዱ 45 ውድድራት ኣብ 41 ክሳተፍ ‘ዩ። ፅባሕ ዝጅመር መድረኽ ዓብይ ኣህጉራዊ ውድድር ኣትሌትክስ 34 ደቂ ኣንስትዮን 43 ደቂ ተባዕትዮን ብሓፈሻ 77 ኣትሌታት ብ15 ኣሰልጠንቲ እናተመርሐ ኣብቲ ውድድር ውፅዒት ንምምዝጋብ ሓያል ንሕንሕ ከምዝገብር ትፅቢት ይግበር።

ንኽልተ ሰሙን ኣብ ምድላው ዝፀንሐ ጉጅለ ኣትሌታት ኢትዮጵያ ብሶኒ ዕላዊ ስነ ስርዓት ምስናይ ተገይርሎም ‘ዩ። ኣብቲ መርሃ ግብሪ ምስናይ ‘ውን ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኢትዮጵያን ኣትሌቲክስ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያን ዝተረኸቡ እንትኾኑ፤ እቲ ብሄራዊ ጉጅለ ውፂታዊ ንክኸውን ናይ ምብርትታዕን ስነ ስርዓት ርክክብ ባንዴራን ትኻይዱ ‘ዩ። እቲ ዝነብረ ናይ ምድላዋት እዋን ሓፂር እንተነበረ ‘ውን ውፅዒት ንምምዝጋብ ከምዝኽዱ ዝሓበሩ ጉጅለ ኣትሌታትን ኣሰልጠንትን፤ ፃውዒት ካብ ዝተገብረሎ እዋን ጀሚሩ ንውድድር ዘብቅዕ ምድላው እናገብሩ ምፅንሖም ተዛሪቦም።




ናይ ሎሚ ዘበን ውድድር ፍልይ ዘብሎ ኢትዮጵያ ብኹሎም ዓይነታት ዝትሳተፍ ምዃናን፤ ቅድሚ ሐዚ ኣብዘይ ትፍለጠሎም ዓይነት ውድድራት ልምዲ ብምቅሳም ኣብ ሻምፒዮና ዓለም ናይ ምስታፍ ዕድል ክፈጥር ስለዘኽእል ‘ዩ። ነዚ እቲ ፌዴሬሽን ኣድላይ ዘበለ ኹሉ ሓገዛት ክገብር ‘ውን ፀኒሑ ‘ዩ።

ኣብ 2022 ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣዳላዊት ሻምፒዮና ኣትሌትክስ ኣፍርካ ዝነብረት ሞሪሽየስ ሴንት ፒሬ እንትኾን፤ ኣብዚ ጉጅለ ብሄራዊ ኣትሌትክስ ኢትዮጵያ 14 ሜዳልያታት ብምእካብ 5ይ ደረጃ ብምሓዝ ነይሩ ዝዛዘመቶ። ኣብዚ ናይ ሎሚ መዳለዊት ዱዋላ ‘ውን ካብዚ ዝሐሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ተሳተፎኡ ክገብር ‘ዩ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ዝነብሮ ሓፂር ምድላዋት ኩሎም ኣሰልጠንትን ኣትሌታትን ድልዋትን ብቁዓትን ብምዃኖም ዝሐሸ ውፅኢት ኣመዝጊቦም ንምምላስ ፃዕሪ ከምዝገብሩ ‘ውን ተዛሪቦም ‘ዮም። ኣትሌት ዘገየ ሞጋን ኣትሌት ውብእርስት ኣስቻለው፤ ንሃገሮም ውፅኢት ንምምዝጋብ ፃዕሪ ከምዝገብሩ ኣረጋጊፆም ‘ዮም።

ፕሬዚዳንት ኣትሌቲክስ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያን ሓጋዚት ኮምሽነር ደራርቱ ቱሉ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ሞሪሺየስ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ኣፅጋቢ ውፅኢት ከምዝተመዝገበ ብምዝኽኻር፤ ኣብዚ ውድድር ናይ ምድላው እዋን እኹል እንተዘይኮነ ‘ውን ናይ መፋለጥን ቅድመ ምድላዋትን ምግባሩ ገሊፀን። እቲ ውድድር ኢትዮጵያ ንኦሎምፒክ እናተዳለወት ኣብ ዝትርከበሉ እዋን ምዃኑ ታሪኻዊን ፍሉይን ዝግብሮ እንትኾን፤ ኣሰልጠንትን ኣትሌታትን ብምትሕብባርን ብምትሕግጋዝን ዝሐሸ ውፅኢት ንምምፃእ ከምዝፅዕሩ እምነተን ምዃኑ ‘ውን ተዛሪበን።

ፕሬዚዳንት ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣሸብር ወለደጊወርግስ ብወገኖም፤ እዚ ዓመት ውድድራት ብምብዛሕ ንኮሚቴ ኦሊምፒክን ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስን ብጣዕሚ ከቢድ ከምዝነበረ ገሊፆም። ነዚ ብብቅዓት ብምውፃእ ብቁዓት ኣትሌታትን ኣሰልጠንትን ምሕራይ ዓብዪ ጥንካረ ዝሓትት ‘ዩ። ስለዝኾነ ‘ውን ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ንዘርኣዮ ብቅዓትን ጥንካረን ምስጋና ኣቅሪቦም።

ኩሎም ኣትሌታት ሕልምም ኣብ ውድድራት ውፅኢት ምምፃእን ኣብ ኦሎምፒክ ምስታፍን ብምዃኑ ከምዚ ዝበሉ ዓይነት ውድድራት ድማ መበገሲ ‘ዮም ኢሎም። እቲ ውድድር ብርቱዕ ጥንካረ ዝሓትትን ፈታኒን ብምዃኑ፤ ኣትሌታት ዝተለመደ ናይ ተዓዋቲነት ስነ ልቦና ብምሓዝ ብዓወት ከምዝምለሱ እምነቶም ከምዝኾነ ‘ውን ተዛሪቦም። ካብ 120 ሚልዮን በዝሒ ህዝቢ ተመሪፅካ ሃገር ምውካል ዓብዪ ዕድል ከምዝኾነ ዝሓበሩ እቶም ፕሬዚዳንት፤ ምድግጋፍ ከምዘድልን ኮሚቴ ኦሎምፒክ ‘ውን ኣብ ጎኖም ምዃኑ ገሊፆም።

ኣፈላላያት ከምዘየድሊን ጠንኪርካን ተሓባቢርካን ሓደ ናይ ሓደ ክፍተት ብምምላእ ኢትዮጵያ ሓፍ ምባል ከምዝግባእ ኣመላኺቶም።

ካብ ዝምስረት ቀረባ እዋን ዝኾና ኣትሌታት ንምብርትታዕን ከምኡ ‘ውን ፅቡቅ ውፅኢት ንከምፅኡ ዘይነዓቅ ግደ ኣብ ምፃወት ዝርከብ ዘሎ ማሕበር ደገፍቲ ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ናብቲ ቦታ ብምኻድ ነቲ ጉጅለ ከምዘበረታትዕ ‘ውን ተገሊፁ። ካብ ቡዳፔስት ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ዓለም ጀሚሩ ድጋፍ እናገብረ ዝፀንሐ እቲ ማሕበር 20 ዝኾኑ ልኡኻት ናፍቲ ውድድር ቦታ ንምውሳድ ፃዕሪ እናገበረ ምዃኑ ‘ውን ኣፍሊጦም።

# ትግራይ ሓንቲ መበቖል ስልጣነ ዓለም

## መኣዲ ጥበብ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ትግራይ ሃፍታም ‘ያ:: መሊኡ ዘይጎደለ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ሕርሻ፣ ቱሪዝም፣ መዓድናት፣ ሃፍቲ እንስሳ ወዘተ ኣለዋ:: ብዝተፈላለዩ ስብ ሰራሕን ተፈጥሮን ዝዓዳላ እዚኦም ዉህብቶ ናብ ረብሓ ብምቕያር ክንጥቀመሉ ይግባእ:: ብዘመናዊ ዓለም ዘይተነኸአ ባህልታት ኩናማ፣ ኢሮብ፣ ኣገውን ብሄረሰብ ትግርኛን ሓቁፋ ዝሓዘት ናይ ባዕሎም ኣከዳድና፣ ኣከባብራ በዓላት፣ ልምድን ኣነባብራን ዘለዉዋን እዚ ስዒቡ ድማ ኣከዳድና፣ ማሕበራዊ ውራያትና ዝኣመሰሉ እዚ ብብዙሓት በፃሕቲ ዓድታት ኣዝዩ ዝህረፍ ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከብ ‘ዩ::

ኣሸንዳ፣ መስቀል፣ ሂጂራ ነጋሽ፣ ኣክሱም ፅዮን፣ ጥምቀት ፣ እዚኦምን ካልኦትን ብብርኪ ኢትዮጵያ ብርክት ዝበለ ኣታዊ ዘእትዉ ‘ዮም ባህላዊ ባዓላት ‘ዮም። ጥምቀት ንመጀመርታ ጊዜ ምስ ምትእትታው ክርስትና ተተሓሒዙ ኣብ ኣክሱም ትግራይ’ዩ ተፈፂሙ። ኣብርሃ-ወኣፅበሃ ንፈለማ ጊዜ ክርስትና ዝተቐበሉ (ዝተጠመቑ) ኣብ ትግራይ ‘ዩ ። እዞም ክከሓዱ ዘይኽእሉ መርትዖታት ብምቕራብ ካብ ማንም ንላዕሊ ብመረዳእታ ኣደጊፍና ኣብ ትግራይ ዓብይ ትኹረት ተገይርሎም ክኽበሩ ብምግባር ኣንፈት በዝሒ ዑደተኛታት ብምቕያር ኣተዊ ክብ ምባል ንኽእል ኢና።

ትግራይ መእተዊት በሪ ሃይማኖታት ‘ውን ‘ያ:: ትግራይ ቅድሚ ማእኸላይ ምብራቕ ንክርስትና፣ ቅድሚ ኣዕራብ ድማ ንእስልምና ኣፍልጦ ዝሃበት፤ እዞም እምነታት ናብ ኢትዮጵያን ጎረባብታን ንኽኣትዉ ጥጡሕ ባይታ ዝኸፈተትን ዝፈቐደትን ‘ያ። ብሰላም ተፋቒሮም ክነብሩ ዝገበሩ ስልጡናት ነገስታት ዝወነነት ዓባይ ‘ያ። ሓወልትታት ኣክሱም፣ ሕንዛት፣ ኣላጀ፣ መቐለ፣ ሽረ፣ ወዘተ መፍለይታታ ቅርስታት ‘ዮም::

ስነ-ፅሑፍን ስነ-ጥበብን መበቆል ግእዝ ፣ ጥንታዊ ስነ-ፅሑፍ፣ ሙዚቃ፣ ስራሕቲ ቅዱስ ያሬድ ኣብ ዓለም ዕድመ-ፀገብ ዝበሃል ወንጌል ኣብ እንዳባ-ገሪማ ይርከብ፣ ኣሰራርሓ ብራና፣ ጥልፊ፣ ስፊ ወዘተ ድማ ካብቶም መፈለይ ባህሊ ትግራይ ዝባሃሉ እቶም ዉሑዳት ‘ዮም ::

እንድሕር ሕድሕድ እዚኦም ብኣግባቡ ንዓለም ኣላሊና ዑደተኛታት ክመፁ እንተገይርና ናይ ብሓቂ ንሶም ‘ውን ይረኽዑ ንሕና ትግራይ ዓመታዊ ኣታዊና ልዕል ምባል ዓብይ ዕድል ‘ዩ ።

ጎላጉል ራያ፣ ወልቃይት፣ ሑሞራን ኣድያቦን ንትግራይ ሙሉእ ቀሊቡ ናብ ዕዳጋ ወፃኢ ክቐርብ ዝኽእል ምህርቲ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘለዎም ሰፋሕቲ ተፈጥሮኣዊ ናይ ሕርሻ ቦታታት ኣለዎም ። መስኖ ወሲኽካ ድማ ኣብ ዓዲ ሓ ፣ ራማ፣ ራያ፣ ዛሬማን መዘጋን ካልኦት ከባብታትን ዝተርኣየ ኣብነታዊ ለውጢ ምስፍሕፋሕ ይከኣል ‘ዩ። ብቴክኖሎጂ እንተተሓጊዙ ድማ ጣፍ ሓፀቦን ካልኦት ከባቢታት ኣክሱም፣ እንዳባጉና፣ ሃገረ-ሰላም፣ ኦፍላ ወዘተ ‘ውን ንትግራይ እኹል ቀላብ ናይ ምቕራብ ዓቕሚ ዘለዎም ኸባቢታት ‘ዮም ። ምዕራብን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ራያ ናይ ከተማ ድማ ከም ቀላሚኖ ፈለግ ዳዕሮ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል።

ጣዕሚ ዓሳ ተከዘን ሓሸንገን ኣብ ዕዳጋ ተመራፂ ‘ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኸባቢኣን ብዓበይቲ ሆቴላት ተመራፂ ‘ዩ። ከም ካልኦት ዓሳ ባሕርታት ጨው ዘይብሉ ምዃኑን ካልኦት ረቛሕታትን ተመራፂ ይገብርዎ። ካልኦት ኣናኡሽቲ ግድባት ‘ውን ብቴክኖሎጂ እናተሓገዘ ክነፍርየሉ ንኽእል ኢና። እዙይ ብቀጥታ ብምሻጥ ከምኡ ‘ውን ኣናኡሽቲ ትካላት መዐሸጊ ገይርካ ትግራይ ናብ ደገ ክትሰደሉ ትኽእል ዕድል ምፍጣር ይካኣል ‘ዩ። ካልእ ኣብ ትግራይ ዝፍለጥ መዓር ‘ዩ :: ዓርሱ ዝኻኣለ ፅቡቕ ኣታዊ ክረክብ ዘኽእል ‘ዩ:: እዚ ድማ ናብ ወፃኢ ብምልኣኽ ፍልፍል ኣታዊ ኢኮኖሚ ምግባር ይካኣል ::

እዚ ኹሉ ሃፍቲ ብምድሓዝ ካብ ካልኦት ሃገራት ወሲድና እነማዕብሎም ተሞክሮታት ከምዘለዉ ኮይኖም፤ ብኩናት ዝዓነዉ መሊስካ ናብ ንቡር ምምላስ ‘ውን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ኢድና ዘለዉ ነገራት ተሓሳቢ ብምግባር ትግራይ ብዘለዋ ሰብ ሰራሕን ተፈጥራውን ሃፍቲ ብምክብኻብን ናብ ረብሓ ብምቕያርን ኣታዊኣ ክብ ብምባል ክንሰርሕ ይግባእ::

